# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.3 | ሓሙስ 3 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ተራ ምሕደራ ኣብ ትምህርቲ




ገጽ 4
ቤት ትምህርቲ ሰውራ



ገጽ 9



ፍሹል ፈተነ ቅትለት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ

ገጽ 11
ሻምፕዮን 2026 ንኡስ ዞባ በሪኽተዝዚሙ




# ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ኬሩ ተጸንቢሉ



ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም መበል 65 ዓመት ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ኬሩ - ንኡስ ዞባ ደገ ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ. ምዕራብ ብርጌደር ጀነራል ጸሃየ መኮንን ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ነበርቲ ዝተረኸብሉ መድብ፡ ኣዚዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሚጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣውልያይ፡ ኣብ መቓብር ቀዳማይ ስውእ ዓብዱ መሓመድ-ፋይድ ኣኽሊል ዕንባባ ኣንቢሩ።

ኣቦመንበር ሸማግለ በዓላት ዞባ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ፡ ኣብ'ታ ኣስከሬን ቀዳማይ ስውእ ሰውራ ኤርትራ ሓርበኛ ዓብዱ መሓመድ-ፋይድ ብኽብሪ ዝዓረፈላ ታሪኻዊት ቦታ ምኽያዱ፡ እታ ዕለት ኪጽዋ ዝኽሪ ዝሰይድ ርዝነት ክህልዋ ዝዑበር ምኽንያት ብምጥቃስ፡ ታሪኻዊ ናይ ዝኽሪ ኣጋጣሚታት፡ ንዘተሓልፈ መሪር መዋእልን ምእንቲ ናጽነት ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋን እናስተንተንና፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምፍጻም መብጽዓና እነሐድሰሉ ክኸውን ከምዝዮዮእ ኣገዚቡ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ዓመት መጸ ብልዑል ህዝባዊ ተሳትፎን ማዕርግን ዝፍጸም ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፡ ኣብ ኩሉም ልምዓታውን ድሕነታውን መደባት ብልዑል ሃገራዊ ንቕሓትን ተወፋይነትን ዓጸፋ ብምስራሕ፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምፍጻም ቃልና እነሐድሰሉ ዕዙዝ ኣጋጣሚ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንድምቀት ናይ'ቲ መደብ ዝተወደበ ቅድድም ኣግማል፡ ከምኡ'ውን ባህላዊ መሰናድኦታት ቀሪቡ።

# ኣብ ኣፍዓበት፡ ምትሕብባር ህዝብን ፖሊስን ንምሕያል ጎስጓስ ተኻይዱ

ኣብ ከተማ ኣፍዓበት፡ ምትሕብባር ህዝብን ፖሊስን ንምሕያል ዝዓለመ ጎስጓስ ብ26ን 27ን ነሓሰ ተኻይዱ።

ኣዚዚ መደበር ፖሊስ ኣፍዓበት ካፕተን እስቲፋኖስ ኪዳማርያምን ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኮፕራል ሚካኤል ጠዓመን ኣብ ዘቕረብዎ ኣስተምህሮኣዊ ጎስጓስ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ንዘተመዝገበ ገበናት፡ ሓደጋታትን ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክን ዝምልከት ብኣሃዛት ዝተሰነየ ጸብጻብ ኣቕሪቦም።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ ብድምር 214 ገበናትን በደላትን ከምኡ'ውን 19 ሓደጋታት ትራፊክ ከምዝጋጠሙ፡ ብሰንኩ ሓደ ሰብ ክመውት ከሎ 46 ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፡ ኣብ ንብረት ድማ ልዕሊ 370 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከምዝሰዓበ ተሬሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ወዲቑ ንመደበር ፖሊስ ካብ ዝተረከበ ንብረትን ገንዘብን እቲ 14 ንዋናታቱ፡ እቲ 16 ከኣ ናይ ምጽባይ ግዜኡ ምስ ሓለፈ ንዘርከብዎ ከምእተዋህበ ካፕተን እስቲፋኖስ ብዝወሃኺ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብዐበሊ ዝርአ ዘሎ ገበናትን ሓደጋታትን ኣለሊኻ ንምክልኻሎምን ንምንካዮምን ምስ ፖሊስ ዝግበር ምትሕብባር ክዓዝዝ ብምዝኽኻር፡ ንብረት ዝጠፍኦም ሰባት ናብ መደበር ፖሊስ ክመልክቱ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርኢይቶ፡ ምክልኻል ሓደጋታትን ገበናትን ሓላፍነት ፖሊስ ጥራይ ስለዘይኮነ፡ እጃሞም ከምዝበርክቱ ቃል ኣትዮም።

# ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ግብጺ፡ ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ጸንቢሎም

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ግብጺ፡ ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብኹብ ዝበለ ድምቀት ጸንቢሎም።

ኣብቲ ኣብ ካይሮ ዝተኻየደን ዕዙዝ ተሳትፎ ዜጋታት ዝተራእየሉን ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ንባሕቲ መስከረም ዘመጉስ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ቀሪቡ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋሰዕ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ክቡሩን ማሰሉን ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረላ ሓደ መስከረም፡ ኣብ ታሪኹ ካብ'ተን ብወርቂ ቀለም ዝተመዝገባ ቀንዲ ዕለታት ከምዝኾነት፡ ዝኽራ ድማ መንፈስ ሓርነት፡ እምነት ኣብ ዓቕምን ተወፋይነትን ዘሐድስ ከምዝኾነ ገሊጹ።



## ዜና

# ተሰነይ - ኣብ ምድላውን ኣጠቓቕማን ባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ኣብ ልምዓት ማሳዕ ዝጸምዱ ሓረስቶት፡ ውሑስን ብርኩትን ምህርቲ ንኽሓፍሱ ባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ክጥቀሙ፡ ክኢላታት ሕርሻ መኺሮም።

ብ28 ነሓሰ ንወከልቲ ሓረስቶትን ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ሕርሻን ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኦርጋኒካዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ኣብ ጥዕና ሰብ፡ እንስሳን ኣትክልትን ዘምጽኦ ረብሓ፡ ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ብዝርዝር ዘቕረቡ'ቶም ክኢላታት፡ ብዓቕሚ ሓረስቶት ብዘቐልለ ኣገባብ ክዳሎ ዝኽእል ባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ክጥቀሙ ኣተሓሳሲቦም።

ባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን፡ ትሕዝቶ ሓመድ ኣብ ምህብቲ፡ መኣዛዊ መግቢ ኣብ ምውሓስ፡ ድሕነት ኣከባቢ ኣብ ምርግጋጽን እቶት ሓረስቶት ኣብ ምብራኽን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ፡ ብዝተወሰኸ ገሊጾም።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ሓረስቶት ንምስራጽ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ምስ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ብምትሕብባር ብርትዓዊ ዋጋ ንሓረስቶት ዘቕርቦ ዘሎ ካብ ጸሃያይ ባሕሪ ዝምስራሕ ፈሳሲ ድኹዒ፡ ካብ ገረብ ኒም ዝተሰርሐ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ኣዳልዩ ከምዘሎ፡ እቶም ክኢላታት ኣብሪሆም።

ተጠቃምነት ኦርጋኒካዊ ጸረ-ባልዕ፡ ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺን ብስሩዕ ሞያዊ



ሕርሻ ዝተደገፈን ክኸውን ከምዘለዎ ብምብራህ ድማ፡ መስርሕ ምንጻግ ኣብ ዝተዳለወ ሓረስቶት እኹል ናይ ድሕነት መሳርሒታት ክወድዩን ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩን ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ተሰነይ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኢንጂነር ዳዊት ብርሃ ብወገኑ፡ ሓረስቶት ኣብ ኦርጋኒካዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ልዑል ተመርኳስነት ክህልዎም ብምግላጽ፡ ሳዕቤኑ ተገንዚቦም ክሕለቡ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ለምለም ዘርኣይ ብወገኖ፡ ኣብ ጀረዲን ብዙሕደድዎ መጽናዕቲ፡ ብሰንኪ ኦርጋኒካዊ ቀመማት ትሕዝቶ ሓመድ ናይ'ቲ ከባቢ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ንምፍዋሱ ሓረስቶት ብክኢላታት ሕርሻ ንዝወሃቦም ኣማራጺ ክጥቀሙ ኣዘኻኺራ።

# እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብኣሰልጣንነትን ዳንነትን ዘሰልጠኖም ኣባላት ኣመረቐ

እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብ 4 ክሳብ 29 ነሓሰ ኣብ ከረን ብኣሰልጣንነትን ዳንነትን ዓውድታት ስፖርት ከምኡ'ውን ብምውህሃድ ስርዓት ደምጺ መዚቃ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ዘሰልጠኖም 92 ኣባላቱ፡ ብ30 ነሓሰ ኣመረቐ።

እቲ ናይ ኣሰልጣንነትን ዳንነትን ዓውድታት ስፖርት ስልጠና፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪን መርበብን ከምኡ'ውን ኣትሌቲክስ ዘተኮረ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣዛዚ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ልብሱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብቑዕ ሞያን ትምህርትን ዝዓጠቐ መንእሰይ፡ ኣብ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ዓቢ ድርሻትን ምዕባለን ከምዘፈጥር ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብልዑል ተገዳስነትን ደሰፕሊንን ኣብ ባይታ ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ።

እቲ ኣጋጣሚ፡ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።



# ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓሰብ ተኸቢሩ

ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነትን ሰባዊ ክብረን፡ ሰሉስ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዓሰብ ተኸቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ ዝርከቦም ላዕለዎት ሰብ-መዚ ዝተረኽቡሉ ጽንብል፡ ንትርጉም ናይ'ታ ዕለትን ስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ኩሉመዳያዊ መስዋእትን ዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ቀሪቡ።

ነታ ታሪኻዊት ዕለት ብዘምልከት ኣብ ዝቐረበ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1961 ብረታዊ ቃልሲ ክጅምር ኑቲ ሕልሚ ዝመስል ተባዕ ውሳነ ክወስድ ከሎ፡ ብዝሒን ሓይልን ስለዘኽበሮ ዘይኮነ፡ ኣብ ፍትሓውነት ጉዳዩን ኩብረታቱን ተኣማሚኑ ከምዝኸነን ናብ ዓወት ከምዘብጽሖን ተገሊጹ።



# ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ኣስማጥ፡ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣሶማጥ ኣቶ መሓረና ተኽለኣብ፡ ብ28ን 29ን ነሓሰ ኣብ ገስጋስ ትግባረ መደባት ልምዓት ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ዝዘተየ ርክባት፡ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ምምሕዳራት ከባቢ ኣሱዳን ሻኩወግራትን ኣካዪዱ።

ሕጽረት ዝሰተ ማይ ንምፍታሕ ከምኡ'ውን ጸገማት ትካላት ትምህርቲ ንምፍታሕ፡ ምስ ኩም ብምትሕብባር ቀጻሊ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ኣብ ግራውቶም ቀጻሊ ኩለላታት ብምክያድ ክከናኸኑ፣ ንጸገማትን ሰድራ ሰውኣትን ዝግበር ምትሕግጋዝ ድማ ክድፋኣሉ ተላቢዩ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ኢብራሂም ኣደም ብወገኑ፡ ምጅማር ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ምጽጋዕን ምምላእን ክፍልታት ዝከኣሎ ኣበርክቶ ክገብር፣ ተመሃሮን መማህራንን ድማ ኣብ እዋኑ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቶም ክርከቡ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ጸገም መጎዓዝያ ግቡእ ቁጽጽር ክወሃቦ፣ ጸገም ዝሰተ ማይ ምምሕዳር ከባቢ ሻካ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ዘይረኽብ ዘለዋ ዓድታት ቁጽጽር ክግበረለን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ሰ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፈት ሓጎስ

## ተራ ምሕደራ ኣብ ትምህርቲ

*እዚ ጽሑፍ፡ ኣብ 2025 ብሓሙሽተ ክኢላታት ካብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ናይ ዝተዳለወ ዓንቀጽ ትርጉም'ዩ። ምንጪ ናይዚ ዓንቀጽ ድማ መርበብ ማእከል ምርምር ቁጠባ ፖሊሲ (CEPR) እዩ። በቲ ዓመቱ ተጠቒሱ ናይ ዘሎ መጽናዕትታት ኣካየድቲ ኣሰማት ንምቑጻርት ናይ ንባብ ተባሂሉ ዝተገደፈ ምኳኑ ንሕብር። ሰናይ ንባብ!*

ትምህርቲ ቀንዲ ደራኺ ቁጠባዊ ዕብየት'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ከኣ ምምሕያሽ ብቕዓት ተመሃሮ ቀንዲ ዕላማ ናይ ፖሊሲ ካብ ምዃን በኹሩ ኣይፈልጥን። ኣበየ ኩርናዑ ዝርከቡ ሃንደስቲ ፖሊሲ ብኣተኩሮ ዝርእይዎ ከኣ ብቕዓት መምህራን፡ ምድላው ስርዓተ-ትምህርቲ ከምኡ'ውን ምቕርሓ ጺጋታት'ዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ እቲ ኣድህቦ ቈላሕታ ተነፊግዎ ናብ ዝነበረ ግን ከኣ ሓያል ድርኺት ናይ ምፍጣር ተኽእሎ ናብ ዘለዎ መዳይ የብል ኣሎ፣ ናብ ብቕዓት ምሕደራ ትምህርቲ።

ምሕደራ ወሳኒ ወይ ኣገዳሲ ረቛሒ'ዩ ዝብል ሓሳብ መቸም ሓድሽ ኣይኮነን። ኣብ ዋኒን ዝካየዱ ትካላት፡ መሪሕነትን ትካላዊ ልምድን ኣፍራይነትን ዕብየትን ዝድርኽ ረቛሒ ምዃኑ ይግንዘቡ እዮም ጥራይ ዘይኮነስ "ሓቅነቱ ዝተረጋገጸ" ካብ ዝበሃል'ውን ነዊሕ ኣቑጺሩ ይርከብ። ኣብ ዓውዲ ትምህርቲ'ኸ እዚ ሓቂ ባይታ ኣለዎዶ ትብል ሕቶ ኣገዳሲትን ምላሽ ትደልን'ያ።

ቤት ትምህርታት ከም ውዳበ ኣቕሊልካ ዘይረኣያ ትካላት እየን። ንሓቅነት ናይዚ መግለጺ ዘራጉድ መረዳእታ'ውን እናሰሰነ ይኸይድ ኣሎ። ብቕዓት ምሕደራ ቤት ትምህርቲ፡ ንብቕዓት ተመሃሮ ብዝተፈላለየ መገዲ ይጸሉ'ዩ። ርእሰ-መምህር ናይ ቤት ትምህርቲ፡ ንብቕዓት ኣመሃህራ ናይ ቤት ትምህርቲ ብዝተፈላለየ መገዲ ናይ ምጽላው ተኽእሎ ኣለዎ። ክእለቶም ንዘመስከሩ መምህራን ምትብባዕ፡ ትሕቲ ብቕዓቶም ንዘዋጹ ድማ ምንቕቓሕን ወይ ምዕባይን ክትግበር ካብ ዝኽኣል ዕማም'ዩ። ብቑዕ መሪሕነትን ምሕደራን ዘለወን ቤት ትምህርታት መምህራነን ናይ ምቕጻልን ሓደስቲ ከኣ ናይ ምስሓብን ልዑል ተኽእሎ ኣለወን። እዚ ተበሃሂሉ፡ ኣብ ተመሃሮን ወለድን'ውን ዝርአ'ዩ። ነዚ ምትግባር ቀሊል ዘይኮነ'ውን ይኽእል'ዩ። ክትግበር ከም ዝኽኣል ምእማን ግና ወሳኒ ነጥቢ'ዩ። ምኽንያቱ ነዚ ትግባረ ካብ ዘድሊ ወሳኒ ረቛሒ ጥበብን ብልሓትን እዩ። ጥበብን ብልሓትን ከኣ ሕመረት መሪሕነትን ምሕደራን እዩ።

ርእሰ-መምህር ቤት ትምህርቲ ኪኖ ምሕደራ ጸጋ ሰብ ኣድማዕነት መምህራን ኣብ ክፍሊ ዘሕይል ኩነት ብምፍጣርን ብምምእዛንን ኣድማዒ ጽልዋ ናይ ምግባር ተኽእሎ ኣለዎ። ሓያል መሪሕነት፡ ናይ ኣመሃህራ ምህዞ ኣብ ምኹስኳሱ፡ ሞያዊ ምዕባለ መምህራን ኣብ ምድጋፍ፡ ኣብ ትግባረ ውሁድ ኣገባብ ኣመሃህራ ከምኡ'ውን ድሌት ተመሃሮ ኣብ ምምላእ ወሳኒ ረቛሒ'ዩ። ርእሰ-መምህር ናይ ቤት ትምህርቲ፡ ውዱን ኣብ ሽቶ-ዘተኩርን ናይ ትምህርቲ ሃዋህው ኣብ ምፍጣርን ዝሓሸ ክትትልን ተሓታትነትን ኣብ ኣባላት ቤት ትምህርቲ ከም ዝህሉ ኣብ ምግባር ወሳኒ ተራ ክትጻወት ትኽእል። ናይ ቤት ትምህርቲ ርእሰ-መምህር ናይ ተመሃሮ ዲሲፕሊን ኣብ ምምዕባልን ምዕቃብን መሪሕ ተራ ከምዘለዋ'ውን ክርሳዕ ዘይብሉ ወሳኒ ነጥቢ'ዩ። እዚ ርእሰ-መምህራን ካብ ዝነበሮም ስራሕ ከቋርጹን ብኻልኦት ክትክኡን ምርኣይ ተደጋጊሙ ዝተኸስተ ብምዃኑ ኩነታት ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለየ ኣገባብ መሪሕነት ንምዕዛብ ዘኽእል ዕድል ዝፈጠረ'ዩ። እቲ መጽናዕቲ ዝተጠቕመሉ ኣገባብ (መተዶሎጂ) ከኣ እቲ ንዓለምለኻዊ ምሕደራ ንምድህሳስ ዝትግበር ኣገባብ መጽናዕቲ'ዩ። ኣበርክቶ መሪሕነት ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ንምውሳን ድማ ናይተን ቤት ትምህርትታት ብቕዓት ምሕደራ ቅድምን ድሕርን ምቕያር ርእሰ-መምህር ከምዝዕቀን ንዘመልክት መዓቀኒ (ኢንደክስ) ብሓደ ኣሃዱ ከም ዝዓቢ ምግባር፡ ኣብ ቁጽሪ ዝነበረ ውጽኢት ብ3.7 (7.2 ሚእታትዊ ናይቲ ዝነበረ ገምጋማዊ ውጽኢት)፡ ኣብ ቋንቋ ዝነበረ ውጽኢት ድማ ብ2.4 (3.6 ሚእታዊት ናይቲ ዝነበረ ገምጋማዊ ውጽኢት) ዘዕቢ ምዃኑ የርኢ። እዚ ርኽበት (ጽልዋ) ከኣ ኣቐዲሙ ንጽልዋ ርእሰ-መምህራን ኣብ ኣድማዕነት ቤት ትምህርትታት ንምድህሳስ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ምስ ዝተረኽበ ውጽኢት ዝዛመድ'ዩ። ኣብ ናይ ቁጽሪ ዝተራእየ ጽልዋ ኣብ ኩሉ ደረጃ ብቕዓት ኣብ ዘለዉ ከኣ ሓፈሻዊ ብቕዓት ናይ ነፍሲወከፍ ክፍሊ ኣብ ምምሕያሽ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ነዚ ኹሉ ዝተጠቕሰ ዕማማትን ሓላፍነታትን ንምምላእ ከኣ ርእሰ-መምህራን ሓያል ናይ መሪሕነትን ምሕደራን ክእለት የድልዮም።




ኣብ 2014፡ ኣብ ምሕደራ ንዝካየድ ዓለምለኻዊ ዳህሳስ መሰረት ብምግባር ዝተኻየደ መጽናዕቲ ብቕዓት ምሕደራ ቤት ትምህርቲ ምስ ብቕዓት ተመሃሮ ልዑል ዝምድና ከምዘለዎ የመልክት። ኣብ 2014 (ካልእ)፡ 2015፡ 2017 ከምኡ'ውን 2020 ዝተኻየደ መጽናዕትታት ምሕደራ ኣብ ትምህርቲ ወሳኒ ወይ ኣገዳሲ ምዃኑ የመልክት። እንተኾነ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ይኹና ካልእ መጽናዕትታት ከም ድሩትነት ዝተራእየ፡ ኣብ መንጎ መሪሕነትን ምሕደራን ቤት ትምህርትን ብቕዓት ተመሃሮን ዝምድና (ኮረለሽን) ምህላው እምበር መሪሕነትን ምሕደራን ቤት ትምህርቲ ናይ ተመሃሮ ብቕዓት (ወይ ድኻም) ዘውሰን ምኽንያት (ከውዛሊቲ) ምዃኑ ዘመልክት ስለዘይኮነ'ዩ።

ኣብ 2025 ዝተኻየደ፡ መሪሕነትን ምሕደራን ቤት ትምህርቲ ንብቕዓት ተመሃሮ ምኽንያት ይኾውን ዶ ኣይኮውንን ንምድህሳስ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከኣ ነዚ ዝተጠቕሰ ሃጓፍ ንምሽፋን ዝዓለመ'ዩ። እዚ ኣብ ኣገባብ መሪሕነት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣተኩሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ዝተኻየደላ ሃገር ኢጣልያ እያ። ኣብ ኢጣልያ፡ ካብ 2011 ክሳዕ 2015 ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ መሪሕነት ብዙሕ ለውጥታት ዝተራእየሉ እዋን እዩ። እቲ ንስለ መጽናዕቲ ተባሂሉ ዘይተኸስተ ለውጥታት ከኣ ንቲ መጽናዕቲ ሓውሲ-ባህርያዊ ፈተነ ስለዝገበሮ ብልጫ ዝሁብ ክስተት ኮይኑ ተረኺቡ፡ ኣብቲ እዋን፡ ሓያሊይ ተገብረ።

ኣብ ኢጣልያ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ብርእሰ-መምህራን እየን ዝመሓደራ። እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ተልእኾ፡ ስርዓተ-ትምህርቲ ከምኡ'ውን ኣገባብ ኣመሃህራ ናይተን ቤት ትምህርትታት ለውጢ ናይ ምግባር ናጽነት/ስልጣን የብሎምን። እዚ ከኣ ርእሰ-መምህራን ከምቲ ኣብ ዋኒን ናይ ዝካየዱ ትካላት ኣካየድቲ ስራሕ ኣብ ቀንዲ ዕማም ናይተን ትካላት፡ ንኣብነት ኣብ ዓይነት ፍርያት ለውጢ ንኸገብሩ ምሉእ ስልጣን ዘለዎም ኣይኮኑን ማለት'ዩ። እዚ ገደብ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብኣገባብ ምሕደራ ንዝተደረኸ ለውጢ ብቐሊሉ ዝለለ ንክኸውን ዝገብር'ዩ። ሙብዛሕትኡ እዋን ርእሰ-መምህር ናይ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝቕየር ኣብ ኣገባብ ምሕደራ ናይታ ቤት ትምህርቲ ብዙሕ ለውጢ'ዩ ዝርአ። እዚ ከኣ ምቕያር ርእሰ-መምህራን ንውጽኢት ተመሃሮ ክንዲ ምንታይ ይልውጦ ንምጽናዕ ዕድል ዝፈጥር'ዩ። እዚ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ከም ማሕበረ-ቁጠባዊ ድሕረባይታን ዝና ቤት ትምህርትን ዝበሉ ቀወምቲ ረቛሒቲ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተኻየደ ብምዃኑ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ዝተራእየ ለውጢ ብምኽንያት ኣገባብ ምሕደራ ናይቲ ሓድሽ ርእሰ-መምህር ዝሰዓበ ምዃኑ ንምውሳንን ተኣማኒ ናይ ምዃኑ ባይታ ዘውሕሰን እዩ።

### ቀንዲ ርኽቦታት

ኣብ ቅምሶ ናይቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ቁጽሪ ተመዝጊቡ ዝነበረ ገምጋዊ ውጽኢት 52.1 ካብ 100 ክኸውን እንከሎ ኣብ ናይ ቋንቋ ፈተና ተመዝጊቡ ዝነበረ ገምጋማዊ ውጽኢት ድማ 66.6 እዩ። ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ከኣ፡ ኣገባብ ምሕደራ ተመሃሮ ብማዕረ ዝተራእየ ክኸውን እንከሎ እቲ ኣብ ቋንቋ ዝተራእየ ጽልዋ ግና ኣብቶም ትሑት ብቕዓት ዝነበሮም ተመሃሮ ዝያዳ ዝጎልሐ እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርአ ዝተመሓየሸ መሪሕነትን ምሕደራን ውጽኢት ተመሃሮ ካብ ምምሕያሽ ንላዕሊ ባህጊ ተመሃሮ ዝጸሉ ምዃኑ'ዩ። ኩነታት መሪሕነትን ምሕደራን ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝመሓየሸሉ እዋን ባህጊ ተመሃሮ ንላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ካብ ናይ ወለዶም ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምብጻሕ ባህጊ'ውን ማዕረ ማዕረኡ ከም ዝመሓየሸ'ዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ በቃ ናብ ዘበለ ናይ ምሕደራ ብቕዓት ንምብጻሕ ትግበር ሓንቲ ምድብቲ ናይ ምሕየሻ ስጉሚ፡ ናይ ተመሃሮ ኮሌጅ ናይ ምጽንባር ዕላማኦም ብሓደ-ሰሶ ኣቢሉ ናይ ምዕባይ ተኽእሎ ይፈጥር። እዚ ርኽበት፡ ምሕደራ፡ ኣብ መንጎ ወለዶታት ንዝርአ ዘይምዕሩይነት ዝንክን ካብ ሓደ ማሕበራዊ ደርቢ ናብ ካልእ (ዝሓሸ) ማሕበራዊ ደርቢ ናይ ምጽንባር ተኽእሎ ዘዕብን ምዃኑ'ውን ዘርኢ'ዩ።

እቲ ኣብ ተመሃሮ ዝተራእየ እወታዊ ጽልዋን ባህግን ኣብ ሓድሽነት ናይቲ ኣብ መሪሕነት ዝተገብረ ለውጢ ጥራይ ዝምርኮስ ዘይምዃኑ ድማ እቲ መጽናዕቲ ዘጠቓሶ ኣገዳሲ ነጥቢ'ዩ። ርኽበት ናይቲ መጽናዕቲ ከምዘመልክቶ ነቲ ዝተመሓየሸ ትምህርታዊ ውጽኢት ዘደረኸ እቲ ኣብ መሪሕነት ዝተኸሰተ ለውጢ ዘይኮነስ ናይቲ ሓድሽ ርእሰ-መምህር ልዑል ምሕደራዊ ክእለት ምዃኑ'ዩ። እዚ ከኣ ውጽኢት ተመሃሮ ኣብ ምሕያል ኣገዳሲ ባእታ ናይ መሪሕነት ለውጢ ምግባር ዘይኮነስ ናይ ምሕደራ ብቕዓት ምዃኑ ዘስምር'ዩ።

### ዝሓሸ ኣገባብ ምሕደራ ዘለወን ቤት ትምህርትታት ብፍሉይ ዝገብርኦ እንታይ እዩ፧

ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ፡ ምሕደራዊ ብቕዓት ምስ ናይ ስራሕ ተመክሮ ዘይዛመድ ምዃኑ የርኢ። እዚ ከኣ ኣድማዕነት መሪሕነት ናይ ተመክሮ ጉዳይ ጥራይ ከምዘይኮነ ዝእምት'ዩ። ካብቲ ንብቕዓት መሪሕነት ዘመልክት መዓቀኒ ወጻኢ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎ ንምሕደራ ቤት ትምህርቲ ብፍሉይ ዝጸሉ ጉዳያት ከይህሉ ንምርኣይ ዝተገብረ ፈተነ ከኣ ዝኾነ ኑቲ ውጽኢት ዝጸሉ ንጽል ረቛሒ ኣይተረኽበን። ብኣምሳያኡ ምምልላእ ናይ ዝተፈላለዩ ረቛሒቲ ማለት ከም ዝሓሸ ውዳበ፡ ዝኸጸረ ኣወሳስና ሽቶ ከምኡ'ውን ዝተመሓየሸ ደገፍ ንመምህር ብኣድማዕነቱ፡ ዝተመሓየሸ ናይ ትምህርቲ ሃዋህው ክፈጥሩ ዝኽእሉ ምዃኖም'ዩ። ምስ ርእሰ-መምህራን ንዝተኻየደ ቃለ-መሕትት ብምትንታን ዝተረኽበ ውጽኢት ከኣ እቶም ኣብ ውዱን ኣገባብ ኣመሃህራን ኣብ ሞያዊ ምዕባለ ዘተኩር ፕሮግራማትን ዝጸቕጡ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ዝተወሰነ ብልጫ ዝተራእዮም እዮም። ብሓፈሻ፡ እቲ ኣጠቓላሊ ናይ ምሕደራ መመልከቲ ካብ ዝኾነ ንጽል ረቛሒ ንላዕሊ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ጽልዋ ኣለዎ። እዚ ምሕደራ ብዛዕባ ምውህሃድን ንጹርነትን እምበር ብዛዕባ ንጽል 'ተኣምራታዊ ፍታሕ' ከምዘይኮነ ንዘመልክት መረዳእታ ዝድርዕ'ዩ። እዚ ርኽበታት ምስቲ ተመላላኢነት ትካላዊ ዕማማት ኣገዳሲ ምዃኑ ዘጉልሕ ክልሰሓሳባውን ጭብጣውን መጽናዕትታት ይኹን ምስቲ ናይ ዩኒቨርሲቲ ምሕደራ ንብቕዓት ተመሃሮ ኣገዳሲ ደዩ ንምድህሳስ ዝተኻየደን 'ንኹሉ ዝሰማማዕ ሓደ ዝዓቐኑ' ኣገባብ ምሕደራ የለን ዝብል ርኽቦቱን ዝሳነ'ዩ።

### መደምደምታን ንፖሊሲ ዝህልዎ ጽልዋን

መምህራን ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ጽልዋ መሰረታዊ እኳ እንተኾነ፡ እዚ መጽናዕቲ ኑቲ ትሑት ግምት ዝወሃቦ ተራ ርእሰ-መምህራን ቤት ትምህርቲ ዘጉልሕ'ዩ። ጽቡቕ ኣገባብ ምሕደራ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ምምሕዳር ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብዛዕባ ሽቶ ምውሳን፡ ገስጋስ ምክትታል ከምኡ'ውን መምህራንን ተመሃሮን ዝምዕብልሉ ሃዋህው ምፍጣር እዩ።

ርኽበት ናይዚ መጽናዕቲ ከኣ ኣድማዕቲ ርእሰ-መምህራን ሓያል ምሕደራዊ ተግባራት ዘንጸባርቑ፡ ምምዕባል መሪሕነት ድማ ቀንዲ ዓንዲ ትምህርታዊ ፖሊሲ ምግባሩ ዘመልክት'ዩ። ምሕደራዊ ክእለታት ክትመሃሮ ዝከኣል ከምኡ'ውን ቁጽሪ ርእሰ-መምህራን ካብ ቁጽሪ መምህራን ኣዝዩ ዝወሓደ ብምዃኑ ኣብኦም ዘተኮረ መደባት ንኣብነት ስልጠናን ምኽያድን ደቂቕ ምመዖ ምኽያድን ብቕዓት ተመሃሮ ዘሓይል፡ ርትዓዊ-ወጻኢ ዝሓትት ኣገባብ'ዩ።

# ቤት ትምህርቲ ሰውራ

## ካብ ምምስራቱ ምሕሳቡ ይብርትዕ፡ ፍርያቱ ከኣ ዝያዳ የኾርዕ!

መምህር ወልደዝጊ ቀለተ (ኣቡሓጎይ)

ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ፡ ጉሊሖም ክጥቀሱ ዘለዎም ፍጻመታት ማእለያ የብሎምን። ብፍላይ እቶም ፍሩያት ይትረፍ'ዶ ከተተግብሮምሲ፡ ክትሓስቦም'ውን ዘሸብዱ እዮም። ኣብነታት ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ 1970፣ ምምስራት ደጀንን ወሃብቲ ደገፍ ክፍልታትን ውድብ ህ.ግ. ብሓፈሻ፡ እዚ ናይ ሎሚ ኣርእስትና ኮይኑ ዘሎ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ 1976 ብፍሉይ፣ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ 1978፣ ምእዋጅ ረፈረንደም 1980፣ ስርሒት ፈንቅል 1990፣ ረፈረንደም 1993፣ ምእዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት 1994፣ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ 2002፣ ካብቶም ፍሩያት፡ ዛጊት ዕዉት ፍረ ዝተሓፍሰሎም ውጽኢት ብልሒ ኤርትራውያን ሓሳቢት (Eritrean think tankers) እዮም።

ኩሎም እዞም ዝተጠቕሱን ካልኦትን ኣሸንኳይ'ዶ ከተተግብርም ክትሓስቦም ጥራይ'ውን ኣፍራሕቲ እዮም። ከምቲ ምጅማር ፍርቂ ስራሕ ዝኾነ'ሞ፡ ምሕንጻጽ መደብ ድማ ምዝዛም ዝኾነ፡ ተኣማንን ብመቓን ግዜ ዝትግበርን መደብ ስራሕ ክትሓስብ ግና ብልሂ ምኳን ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓሞት'ውን ይሓትት እዩ። ካብ ከበባ ኣስመራ ንላዕሊ ክትምለስ ምሕሳብ፡ ንኣዝዩ ተባዕን ነዊሕ ዕላማ ዘለዎን እንተዘይኮይኑ ንኻልእ ጽሉል ሓሳብ እዩ። ህዝብን ተጋዳላይን ሎሚ'ዶ ጽባሕ ኣስመራ ትተሓዝ'ሞ ናጽነት ኮይኑ ሰላም ይሰፍን እናበለ፡ ልሂቓን ናይቲ እግሪ ተኸሊ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት ንሓርነት ኤርትራ ግና፡ ናጽነትን ሓርነትን ገና ከም ዘለዋ ተሰዊጡዎም፡ ሰባምን ንብረቶምን ዓቕሞም ኑቲ ህንዱድ ሸፍ ሓይሊ ጸላኢ እናዳኸሙ፡ ናብቲ ሕሰሙን መከራኡን ዝረሰዑዎ ኣኽራናት ሳሕል ክምለሱ ወሲኖምሰ ብጽሬት ኣተግበርዎ። ከምዚ ዓይነት ተባዕ ሓሳብ ዝሓስቡ እንተሃልዮም፡ ኤርትራውያን ልሂቓን ጥራይ እዮም።

እዞም ናይ እዋን 70ታት በላሕቲ መንእሰያት፡ ሎሚ ኣብ 2026 ኮይኖም፡ ነዚ ዘፈረንዎ ብዛህሪኡ ተኣፋፊ ዝኾነ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እንተቐለስዎ ዘገርም ኣይከውንን። ምኽንያቱ፡ ጨሪ ቤት ትምህርትን ትምህርትን ኣብ ዘይርኣየሉ ጉብ ዝበለ ጸልማት ኮይኖም፡ ነዛ ሎሚ ጣናኣም ካብ ኤርትራ ሓሊፉ ንመላእ ዓለም ኩሉ ዘሎ ፍርያት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾኑ ተማሃሮ ዘፍረዩ ልሂቓን ስለዝኾኑ። ብዘዕባ'ቲ ብልሂ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ ልሂቓን ህዝባዊ ግንባር ድማ ብፍሉይ ጸዊኻ ዝውዳእ ኣይኮነን። ስለዚ'ዩም ካብ ብዓትታት ኣናዲኻ፡ ብዘዩቋርጽ ፈልፋሊ ዋሕዚ ምትራኽ ጥራይ'ዩ ዝሓትት።

ኣብ ምዝንታዉ ግና ተራ ነገራት ዝመስሉ፡ ቀንልፌ ናይቲ ፍጻመ ዝኾኑ ዘይተዘመረሎም ዓንቀጻት ናይቲ ፍጻመ ከይንዘንግዖም ክንጥንቀቕ ይግባእና። ንኣብነት፥ ሓሳብቲ ናይቲ መደብ ስራሕ ብዓል መን እዮም፣ ወይ፡ እቲ ሓሳብ ብኸመይ ፈሊቑ፣ ንዝበሉ ሕቶታት ብቑዳምነት ክንምልሶም ኣለና። ብውልቀ ሰባት ተሓሲቦም ብሓባር ዝተሓንጸጹ እንተኾይኖም፡ ኣበርክቶ ሓሳቢቲ ብጉቡእ ክነገር ይግባእ። ኣብ ኣኼባታት ብሓባር ዝመንጨወ ሓሳባት እንተኾይኖም ከኣ መሓሸን ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታት እዮም ተሓሲቦም ክዝከሩ ኣለዎም። ከምቲ ተደጋጊሙ ዝተገልጸ፡ መደባት ብባህሪኦም፡ ካብ ከተተግብሮም ክትሓስቦም እዮም በዳህቲ። ምኽንያቱ፡ እትነድፎም ሓሳባት መፍትሒ ግዝያዊ መከራኻ ወይ ራህዋኻ ኣልካ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ድሕሪ ጸበባ ዘሎ ራህዋ፡ ክንዮ ጽጋብ ዘሎ ሽግር ኣቋሚትካ ትሕልናም ስለዝኾኑ።

ንድሬ-ሓሳብ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኑቶም ሽዑ ሕንፍጫላት ነይሮም ትግሊ ዝተሰውኡን ጽባሕ ዘርክቡዎምን፡ ፍርያት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዝኾኑ ቁልዑ፡ ተኣምራታዊ ክኸውን ምኳኑ ትጸቢት ዝተጉብረሉ ናይ መጻኢ ኣበርክቶኦም፡ ብውድብ ህ.ግ. ተኣሚኑሉ'ዩ ኣብ 1975 ተተሊሙ። ኣብቲ እዋን'ቲ ይትረፍ'ዶ ንምምሃር ምስትምሃር ክትሕልን፡ እትሓድር ትንፋስ'ውን ኣይትረኣየካን እያ። ኣብ ከምዚ ተኣፋፊ እዋን ብዛዕባ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምሕሳብ ብርቂ ነገር እዩ። ነዚ ሓሳብ ዝሓሰበ ከኣ ተራ ሰብ'ዩ ክትብሎ ዘጸግም እዩ። መንን ብኸመይን ተሓሰቡ ምስናዱን ምቕልሑን ከኣ ንቐጻሊ ተመኩሮታት ትውፊታትና ምስክር ክኸውን ምኽኣሉ። ልክዕ'ዩ፡ ህዝባዊ ሰውራ እና ኣካየድቲ፡ ተራ ውልቀ ሰባት ከተዕዘዘ ኣብ ግዜኡ ፍትሓዊ ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ ኵልና ክንሰዋእ ንገድሊ ስለዝወፈርና፡ ማዕረ ኣበርክቶን መሰልን እዩ ነይሩና። እዚ ግና፡ ዕዙዝ ኣበርክቶ ውልቀ ተጋደልቲ ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ብፍላይ ምሕሳብን ምሕንጻጽን ፖሊሲታት፡ ፕሮግራማትን መደባትን ትርጉዕ ተራ ውልቀ ተጋደልቲ እዩ ነይሩ።

ስለዚ፡ ንውሉድናን ወለዶኦምን ተራ ውልቀ ሰባት ኣብ ምግዳልን ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን ልዑል ምንባሩ ብጉቡእ ሰኒድና ከነማሓላልፈሎም ግዴታ ኣሎና። ምኽንያቱ ዝመጹ ዘለዉ ሓምሻይ ወይ ራብዓይ ወለዶታት (G4 or G5) መን ሓሲቡዎን ምሂዙዎን ዘይኮነ ብኸመይ ይጥቀሙሉ ጥራይ እዩ ዘገድሶም። ንደቅና፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብኸመይ ተመስሪቱ፡ እንታይ ኣፍርዩ እዩ ዘገድሶም። ንደቂ ደቅና ድማ እንታይ ይጠቅም'ዩ ዝዓጥም። እቶም ዘይተዘመረሎም ሓሳቢቲ ድማ ብኸም'ዚ እናሃሰሱ ይጠፍኡ። ዘይውዓሉን ከም ናቶም ገይሮም ዘዘንትዉን ድማ ይግበሉ። ኣብ መውዳእታ ከኣ ታሪኽ ይዘንብዕ። ኣብዮተ ትምህርቲ ሰውራ ብሓፈሻ፡ 'ቤት-ትምህርቲ ሰውራ' ድማ ብፍሉይ፡ ካብ ምምስራቱ ምሕሳቡ ይብርትዕ ዝያዳ ከኣ ፍርያቱ የኾርዕ!

ዝም ትግሊ ኣብ ገድሊ፡ ሎሚ ድማ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ኣብ ኩሉ ጽላታት መንግስትን ውድብን ብመሪሕ ተራ እጃሞም ዘበርክቱን ገና ዘበርክቱ ዘለዉን ፍርያት ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ ዝኾኑ ተማሃሮ፡ ብኹሉ እንትናእም ብቑዓት ኮይኖም ኣብ ቅድመ ግንባር ብፊተውራሪነት ከም ዝሰለፉ ዝጉብር ፍልስፍና፡ ቅድሚ ብተግባር ኣብ 1976፡ ብሓሳብ ኣብ 1975 እዩ ተዛዚሙ። ቴማ ናይዚ ሎሚ እኑብዕሎ ዘለና ጽምብል ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ንትንግርቲ ምስረታኡን ፍርያቱን ከም ዘጉልሕ ኮይኑ ዝተሓሰበ እዩ። እዚ "ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ዝብል ቴማ፡ ረዚን መልእኽቲ ዝሓዘለ እዩ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድቡ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ፡ ካብ ፍርያት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ምዕዋት ሓድሽ መድረኽ ህንጸት ሃገር ልዑል ትጽቢት ከም ዘለዎም ዘእንፍት ድማ እዩ።

ምሕሳብ፡ መርሓ ምፍጻም መደብ ስራሕ እዩ። ንተባዕ ንድፈ ተባዕ ተበግሶ ምውሳድ ድማ መፈጸምታ ስራሕ እዩ። ውጽኢቱ ከኣ ዓወት እዩ። ጽምብል ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከኣ፡ ዝኸሪ 50 ዓመታት ጥራይ ኣይኮነን፡ ምስክር ብቕዓት ፍርያት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾኑ ናይ ትማሊ ተማሃሮ ናይ ሎሚ ድማ ሓሳቢቲ እዩ። ብኻልእ ሸነኹ፡ ራእይ ልሂቓን ሰውራ ኤርትራ ከም ዝተዋሕሰ ዘመስክር ጋህዲ እዩ። እዚ ድማ ኤርትራ ደጊም ብስእነት ሓሳቢትን ልሂቓንን ከም ዘይትሻቐል ኣብሪሁልና ኣሎ። ሞሳ ንኣደታት፡ ኣቦታትን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ! ዕድመ ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ!

ኣነ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እየ። ነዚ ሕጂ ዘለኹዎ ዓይነት ሰብ ንክኸውን መን ሰሪሑኒ፧ ኣደታት፡ ኣቦታትን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ፤ 'ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ' ብምኳነይ ጥራይ ደዩ ወይስ ዘይድህሰስ ተወሳኺ ቀመማት ገይሮም'ዮም ሰሪሖሙኒ፧ ኣለ ወትሩ ምስ ሓሳበኩ እየ። ምኽንያቱ፡ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምኳን ኩሉ ምኳን ማለት እዩ። መን እዩም ግን ኩሉ ኮይኖም ንኣይ ኩሉ ከምዝኸውን ገይሮምኒ፧ ምስጢር ኩሉ ምኳን ኣብ ምሕሳብ ደዩ ዘሎ ኣብ ምትግባር፧ እዚኦምን ካልኦትን መልሲ እና ኣለሽኩሎም ከለኹ፡ ሓደ ዓውደ ዘተ ኣብ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣተኩሩ ብዞባ ማእከል ተዳልዩ ከም ዘሎ ተወርየ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ኣብኡ ንኽሳተፍ ዕድመ በጺሑኒ። ኣብኡ ድሕሪ ምስታፈይ ከኣ ብኸፊል ሕቶታተይ ተመለሰሙለይ።


መምህር ኣደም ዓሊ፡ ኣብቲ ብ07 ነሓሰ 2026 ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ብመምህር መሪሕ ከርስ ዝተመርሐ ውዕውዕ ዓውደ ዘተ፡ ኑቶም ንሓሳብቲ ህዝባዊ ሓይልታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንኽምስርቱ ዝደረኹ ነጥብታት ብኸም'ዚ ዝስዕብ ዘርዚሩዎም። ህዝባዊ ሓይልታት፡ ንመትከላቱን ራእዩን ዝዕቅበሉን ንመጻኢ ዘወራርሰሉን ሓደ መኻዚኖ የድልዮ ከም ዝነበረ፣ ኣብ መፋርቕ 1970ታት ድማ ነዚ ዘሳኽዕ ተርእዮ ከም እተፈጥረ ከብርህ ከሎ፡ ኣብ 1975 ብዙሓት ስድራ ቤታት ካብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኤርትራ፡ ካብ ግፍዕታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሃዲመን ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝርከቦ ቦታታት ንዕቑብ ክተኣኻኸባ ከለዋ፡ ዝጠዘሓ ምሉእ ስድራ ቤተን ካብ ዝዓበየ ክሳብ ህጻን ሓዘን ከምዝመጻ፡ ገሊኦም ህጻናት ድማ ኣቦ የብሎም ኣደ ካብ ምንዳድ ዓድታት ንሽክላ ዘምለጡ ምንባሮም ይዝክር።

መምህር ኣደም ዓሊ ከም ጠንቂ ምሕሳብ ምምስራት ትምህርቲ ኣብ ሰውራ ኢሉ ዘቕረቦ፡ "ኣብ 1976 እዚ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዜሮ ክምስረት ከሎ፡ ካብ 350 ክሳብ 450 ተማሃሮ እንተ ነይሮም፡ ካብ ወሽጢ'ዞም ተማሃሮ፡ እቶም ኣስታት 250 እኳኸውን ኣሕዋት ኢና ነይርና" ይብል'ሞ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ብኣንጻሩ ቀዋሚ ደጀን ይኹን ስሩዕ ቀለብ ስለ ዘይነበሮ፡ ኣብ ርእሲ ሕጽረታቱ ተወሳኺ ጸገም ከም ዝኾኖዎ ብሰፊሑ ኣብሪሁ። ቀጺሉ ኩሎም እቶም ህጻናት ክዕቀቡ ዘይኮነሉ ኪጋደሉ ከም ዝመጹ ይኣምኑ ከም ዝነበሩ፡ ካብ ቀያሕቲ ዕምባ ዝበል ሰም ናብ ተጋደልቲ ዝበል መጸውዒ ክሰጋገሩ ህንጡያት ከም ዝነበሮም ዘርዚሩ። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ህንዱድን ጥርኑፍን ሓይሊ፡ ሓደ ሰፊሕ ሓሳቢ እንተ ዘይረኸበ ነይሩ ተረኺበ ኢሉ ብዘርጉምጉም ኣብ ኩናት ምጠጠቕ ነይሩ። ብዙሓት ስድራ ቤታት ከኣ ምጸነታ፡ ልሂቓን ህዝባዊ ሓይልታት እምበኣር ግዝያዊ ሽግሮም ከይዓንቀፎም፡ ክንዮ ጸልማት ዘሎ ብና ኣቋሚቶም ህጻናት ዝዕቀቡሉ፡ ስድራ ቤቶም ድማ ቀሲኖም ዝጋደሉሉ ንእኦም ዝመስል ቤት ትምህርቲ ክምስረት ከም ዝኣመሙ ኣብኒታት ኣሰኒዩ መዲሩ።

ኣመሰራርታ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንሓልዮት ህጻናትን ስድራኦምን ቀዳምነት ሂቡ ከም ዝተመስረተ፡ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ናይ ሎሚ መምህርን ልሂቕን ኣደም ዓሊ፡ ብጭብጣት ኣብነታት ኣሰኒዩ ኣብሪሁዎ ኣሎ። መስከረሊዩ ዘድልየ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ እቲ እዋን'ውን ባዕሉ ምስክር እዩ። ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብዓይነትን ብዘሕን ዓረጠምጠም ብዝበሉ ተጋደልቲ ኣዕለቕሊቑ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ዝም ሬፋፋት ህጻናት ንውትህድርና ኩበሁኻም መጉታዊ ኣይኮነን። ንመጸኢ ናይ ምግዳል ግዜ ክኾኑዎ ከይንብል ድማ፡ እቲ ካብ ናይ ካልኣታት ክሳብ ናይ ዓመታት ትዕይንቲ-ፍጻመ (Scenario) ዝትንትን ልሂቕ ህዝባዊ ሓይልታትሲ ከም ሕማቕ ሃዳናይ፡ ኣናፍራ ቆጺሑ ክጠፍእ እዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ህ.ግ. ኣብ መንፈቑ 1977፡ "ሰብን መሬትን በብቐሩብ ሓራ ምውጻእ" ዝብል መርሓ ኣዊጁ። ኣብ ዓመቱ ድማ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ተረኺበ። ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ክምስርት እንከሎ እምበኣር፡ ከምቲ ገለ መናሸውቲ ዝብሉዎ ንግዝያዊ መመልመሊ ወተሃደራዊ ዕላማ ዘይኮነስ፡ ንህንጸት መጻኢት ሓዳስ ኤርትራ ተመኲሩ እዩ መስሪቱዋ። ቃል ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንፈለምቲ ተማሃሮ ብዛዕባ 'ሕማም ተውዚዕ' ኣመልኪቱ ኣብ 1979 ዝበሎ ድማ ህያው-ቅርሲ ናይዚ ሓቂ'ዚ እዩ። "እዚ ሎሚ ዓጢቕናዮ ዘለና ጠበንጃ ጽባሕ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ቤት-መዘክር ክድርበ እዩ።" ብምባል ኑቶም "ክንጋደል'ምበር ክንምሃር ኣይመጻእናን።" ኢሎም እንኮ ህይወቶም ንኽውፍዩ ዝኣደሙ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ናብ ትምህርቶም ንኽምለሱ ምሒጹዎም። እዚ ማዕዳ ጥራይ ኣይኮነን፡ ራእይ'ውን እዩ። ዘረግቲ ጽሩይ ማይ እንተ ዘይክስቱ፡ ድሙ፡ ኑቶም ኣብ ቤት መዘክራት ዳጕንናዮም ዝነበርና ጠበንጃና ኣማባይ ምመዝከርናዮምን። ኣእዳውና ኣብ ክንዲ ቃታ ብረት፡ ልዓት መሳርሒ ማእቶት ጥራይ ጨቢጠን ምወፈራ ነይረን። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ኤርትራ ዓድና ሲንጋፖር ከምስላ ኣማባይ ምኣገመናን። ሕጂ'ውን ራእይን እምንቶን ህዝባዊ ግንባርን መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ልዕሊ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ቀደሙ እዩ ዘሎ። እንሆ'ኳ ሎሚ ድሕሪ 50 ዓመታት ብምትእምማን ሓድሽ ዕማም የሰክመና ኣሎ።

**ይቕጽል . . .**



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ቡያ ዞባ ማእከል 188 |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ሌላ |
| 15:35 | ፓኖራማ |
| 15:50 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 16:15 | መደብ ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፈብቅል |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

# ሽባብ

ሃግመተኤ

## ዘተ

# ትርጉም ጽንዓት ከም ኣምር እንታይ እዩ፧ ንዓና ንኤርትራውያንከ፧



(ካብ ጸጋም ንየማን) - ስምኦን ወልደሚካኤል፡ ነጃት ኣደም፡ ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ፡ ሑርያ ስዒድ ዓምር

ሑርያ ስዒድ ዓምር
ውድባዊ ጉዳያት ሀ.ግ.ደ.ፍ

ጽንዓት ካብ "ጸንዐ" ዝብል ቃል ዝወጸ ኮይኑ ድልዱል፡ ዘይንቕነቕ፡ ተሪር፡ ኣዐርዩ ዝረገጸ ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ሓደ ሰብ ኣብ ኣተሓሳስብኡ፡ ኣረኣእይኡ፡ ተግባራቱ፡ ወዘተ. ዘይልወጥ መርገጺ ክሕዝ እንከሎ፣ ንዕላማኡ ዘይጠልም ክሳብ መወዳእታ ዘይሕለል ምስ ዝኸውን ጽኑዕ ንብሎ። ስለዚ ጽንዓት ዘይምውልዋል፡ ኣብ ሓደ እምነትን ዕላማን ምቛም ማለት እዩ።

ንዓና ኤርትራውያን ድማ እዚ ኣምር'ዚ ኣብ ደምና ዝሰረጸ መግለጺ መንነትና እዩ። ጽንዓት ኣብቲ ኣንጻር መግዛእቲ ዘተኻየደ ቃልስን ዝሓለፈ መስገድልን ተንጸባሪቑ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝሓለፈ ጽንኩር ኩነታት ንምምካት ዝተራእየ ተባዕ ቃልሲ ነዚ ኣምር'ዚ ከም መትከል ወሲዱ በቲ ልክዕ ትርጉሙ ኣንጸባሪቕዎ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ጸኒዑ ሳላ ዝተቓለሰ'ዩ ተዓዊቱ። ኣብ ኣተሓሳስብኡ፡ ኣረኣእይኡ፡ ተግባራቱ፡ ወዘተ. ዘይልወጥ ጽኑዕ መርገጺ ነይርዎ። ዕርዲ መኸተኡ ኣይተሰብረን፡ ኣብ እምነቱን ዕላምኡን ኣይተወላወለን። ልዕሊ'ቲ ዘጋጠሞ መከራን ጽንኩር ኩነታትን ጸብለል ኢሉ ኣብ መትከሉ ምንቕ ከይበለ ተቓሊሱ። ስለዚ ጽንዓት መለለዪ ህዝቢ ኤርትራን መራሒ ናይ'ቲ ቃልሲ ዝኾነ ህዝባዊ ግንባር እዩ።

ስምኦን ወልደሚካኤል
ህግደፍ ትካላት ካልኣዋይ ትምህርቲ

ጽንዓት ኣብ መንፈሳውን ዓለማውን ሂወት ወሳኒ ቦታ ሒዙ ዝርከብ ኣድማሳዊ ክብሪ እዩ። ንብድሆ፡ ንጽንኩር ኩነታት፡ ንተስፋ ምቑራጽ፡ ንኣቓልቦኻ ዝምንዝዕ ኣመንጋዊ ምትእትታው ትስግረሉ ክእለት እዩ። ጽንዓት ንውልቀሰብን ንሕብረተሰብን ልዕሊ ንቡር ኣበርቲዑ ዘይሰዓር፡ ዘይጠራጠር፡ ዘይጥበር፡ ናብ ዓል መገዲ ዘይእለ ዝገብር ባህሪ'ዩ። ጽንዓት ንገለ ዝዕደሎ ንገለ ኸኣ ዝንፈጎ ኣይኮነን። ዝኾነ ብመገዲ ጽንዓት ክኸይድ ዝወሰነ ሰብን ሕብረተሰብን ከጥርዮ ዝኽእል ክብሪ'ዩ።

ነዚ ትርጉም'ዚ ናብ ኤርትራ ኣምጺእና ምስ እንርእዮ፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራ እትበሃል ናጻን ሓራን ሃገር ንኽትህልዎ ዘኽኣሎ ጥበብ ጽንዓት'ዩ፣ ዝተኸተሎ መንገዲ ከኣ ጽንዓት'ዩ። ናጽነት ኤርትራ ብመንፈሳዊ ጽንዓት ህዝብን ተጋዳላይን ኤርትራ ዝተረኽበን ዝተዓቀበን ዓወት'ዩ። ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት ዝኸኣለ ንምረት ገድሊ ጸብለል ዝበለ ጽንዓት ክፈጥር ስለ ዝኸኣለ'ዩ። ናጽነት ኤርትራ ውላድ ጽንዓት'ያ ክንብል ንኽእል ኢና። እቲ ንናጽነት ዝወለደ ጽንዓት ሕጂ'ውን ሞተር ምኽባር ልእላውነትን ምርግጋጽ ልምዓትን ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ሕብረተሰብና ኣብ ጽንዓት ክብ ዝበለ ክብሪ ከም ዘለዎ ካብቲ "ጭራ ነብሪ ኣይትሓዝ፣ እንተሒዝካ ኸ? ኣይትስደድ" ከምኡ እውን "ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ" ዝብል ምስላኡ ክንርዳእ ንኽእል።

ነጃት ኣደም
ባህላዊ ጉዳያት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን

ትርጉም ኣምር ጽንዓት እንተስ ብተሞኩሮ ተላቢሱ ወይ ካብ ሰብ ተሞኩሮ ተለቂሑ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ`ኳ እንተኾነ፡ ንዝያዳ ዕምቀት ትርጉሙን ርዝነቱን ግና ካብቲ ንቡር ተራ መዝገበ-ቃላዊ ትርጉሙ ወጺኡ ካብ ተሞኩሮ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብውሑድ ቃላት ክገልጾ ክፍትን። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ዓለም ብተሰሚዑን ተራእዩን ዘይፈልጥ ዝርያን ዓመጽን ንልዕሊ 80 ዓመታት ኣብ ልዕሌኡ ንዝተኣወጀሉ ናይ ጥፍኣት ደመናን ዕንደራታትን በዲሁ ከም ሃገርን ህዝብን ክሰርር ዝኸኣለ ብጽንዓቱ'ዩ። ብኽልተ ኣእጋሩ ደልዲሉ ብህይወት ክሰርር ጥራይ ዘይኮነስ ንኸባቢኡ`ውን ቅኑዕ ኣብነት ኮይኑ ክጸሉ ዘብቅዖ ረቛሒ ካብቶም ኣብ ጉዕዞ ቃልሱ ዝሃነጾም ዓሰርተታት ብሉጻት ክብርታቱ እቲ ዝዓበየ ጽንዓቱ'ዩ።

ብዚ መሰረት፡ ጽንዓት ማለት ጉዕዞ ዓወትን ዕላማን ክሳዕ ዝኸፍአ እንተ ኾርኮሐን እንተ መረረን ናብ ጫፍ ድርኩኺት ዕላማኻን ዓወትን ንምብጻሕ ናይ ግዜ ራሕቂ፡ ክብደት ሽግርን መከራን ብዘየገድስ ክትዕወት ምዃንካ ኣሚንካ ክሳብ መወዳእታ ምቕጻል'ዩ። ጽንዓት ኣብ ገዛእ ርእስኻ ተሞርኲስካ፡ ኣብ ውሳኔኻ ረጊጽካ ተስፋ ተቐኒትካ፡ ንውሽጣዊ ድፍኢትካ ብቕንዕናን ብርቱዕ ድሌትን ኣጒሂርካ፡ ዘይሕለል ጻዕሪ እናኣካየድካ ክትጓዓዝ ምኽኣል ማለት እዩ።

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ጽንዓት ማለት ብተወርሶኣዊ ዝፍጠር ዘይኮነስ፡ ብግዜ እናተሞኮርካን እናተፈተንካን ዝመጽእ መግለጺ ልዑል ሓቦን ኒሕን እዩ። ጽንዓት ግዝያዊ ስምዒታትካን ድሌታትካን፡ ብዝግባእ ምቁጽጻር፡ ሽግራት ንምፍታሕ ብብዙሕ መኣዝን ጠሚትካ ብተባላሓትነትን ተዓጻጻፍነትን ሽግራት ምፍታሕ፡ ኣብ ግዜ ጽንኩር ኩነታት ብትብዓትን ተጻዋርነትን ኣብ መትከልካን ዕላማኻን ምጽናዕ እዩ። ብሓጺሩ ኣብ ቅድሚ ፈተነ ክምህ ዘይምባል'ዩ። እዚ ማለት ከምቲ ቀዳሞት ወለድና፡ "ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ" ዝብልዎ ዝውቱር ብሂል ዝሰማማዕ እዩ። ንዓና ንኤርትራውያን ጽንዓት ዘይንቕነቕ መትከልን ዘይንደል እምኒ ዓረን ኮይኑ ህላወናን ድሕነትናን ዘመስከረ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ብቕናት ጽንዓቱ ንኹሎም በብእዋኑ ንህላወኡን ድሕነቱን ዝፈተንዎን ዝገጠምዎን ጽንኩራት እዋናት ፈንጢሱ ቀጻልነቱ ኣውሒሱ'ዩ።

ኤርትራ ሃገርና ብዘለዋ ጅኦ-ስትራተጂያዊ ኣገድስነትን ተፈጥሮኣዊ ትዕድልትን ልክዕ ከምቲ ኣብ ሓንቲ ወሰን ግራት ዝፈረየት ሸዊት ተራእያ ዓቕሚ ኣለና ብዝብሉ ሓይልታት ወትሩ ምስ ተደፍአት እያ። ናይ ተለኣኣኺ ተራ ዝተቐበሉ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ'ውን ብለኣኺቶም ተደፋፊሮም ኣስፋሕፋሒ ሕልምታቶም ንምትግባር ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ወራራት ኣበጊሶም'ዮም። ይኹን እምበር ህዝቢ ኤርትራ ጽንዓቱ ብኒሕን ሓቦን ተሰፉን ደሪዑ፤ ካብ መስመሩ ምንቕ ከይበለ ሳላ ዝተቓለሰ ጸላእቱ ስዒሩ፡ ሰንደቕ ዕላምኡ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ሰቒሉ፡ ልኡላውነቱ ኣውሒሱ ይርከብ። ብምጥቕላል እምበኣር፡ ጽንዓት ንዓና ንኤርትራውያን መሰረት ዓወትናን ዋሓስ ህላወናን እያ።

ካብ መጽሔት መንእሰይ ቍ.88

## ልቦና

# ትርጉም ኣልቦ ዕላማታት

ንሓደ ሓረስታይ፡ ወትሩ ኣብቲ ወሰን ጽርግያ ኮፍ ኢሉ፡ ዝኾነት ዓይነት ተሽከርካሪት ክትመጽእ ዝጽበ ከልቢ ነበሮ። ብእኡ ንብእኡ ሓንቲ ተሽከርካሪት ኣብ ዝመጽኣትሉ ድማ ተንሲኡ ኣብቲ ጽርግያ እናንብሐ ደድሕሪኣ ይጎዩ። ንኸርክባ ናይ ዘሎዎ ይፍትን። ተሓምቢባ ገዲፋቶ ምስ ከደት ጭራኡ ኣውዲቑ ናብታ ዝነበራ ይምለስ እሞ፡ ከም እንደገና ካልእ ክትመጽኦ ይጽበ። ሓደ ብተግባራት እቲ ከልቢ ዝግረም ዝነበረ ጐሮቤት እቲ ሓረስታይ፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ "እዚ ከልብኻስ ሓንቲ መዓልቲዶ ሓንቲ መኪና የርክብ ይኸውን፧" ክብል ነቲ ሓረስታይ ተወከሶ። እቲ ሓረስታይ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ንኣይ ዘተሓሳስበኒ ጉዳይ ግና ንሱ ኣይኮነን፣ እቲ ንኣይ ዘተሓሳስበኒሲ እንተ ኣርከባኽ እንታይ እዩ ክገብር፧" በሎ።

ብዙሓት ሰባት ከምዚ ናይዚ ከልቢ ጠባይ ኣሎዎም፣ ትርጉም ኣልቦ ሸቶ ዝኽተሉ። ምጉያይ፡ ምህላኽ፡ ምቅድዳም ኣየቋርጹን፡ ግና መወዳእታ እቲ ዝጽዕርሉ ዘለዉ ሸቶ፡ ኣበይ ንምብጻሕ ምዃኑ ስለ ዘይፈልጡ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ጉያኦም ዓወት ኣይረኽቡን። ብጻዕሪ ምንባር፡ ሃለኽለኽ ምባል ኣይኩነን ዝጽላእ ዘሎ። እቲ ዝጽላእ ሸቶኻ ብርግጽ ዘይምልላይ እዩ። መጀመርታ፡ እንታይ'የ ዝደሊ ዘለኹ ኢልካ ንነብስኻ ሕተታ'ሞ፡ እልቢ ዘይብሉ ድልየታት ኣብ ኣእምሮኻ ክዝርዝር እዩ። ካብቲ እልቢ ዘይብሉ ድልየታትካ እቲ ክትበጽሖ ትኽእልን ዝጠቕመካን ቀዳምነት ሂብካ ስርሓሉ። ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ዕላማ ደጋጊምካ ጥዕናኡ ምርግጋጽ ከድልየካ እዩ። እዚ ምስ ገበርካ ደድሕሪ ሸቶኻ እንተ ጎየኻ፡ ኣይከኽፍኣልካን እዩ። ምኽንያቱ፡ ብግቡእ ዝተዋደደ ሸቶ፡ ፍርቂ መገዲ ከም ዝተበጽሐ እዩ። ትርጉም ዝህብ ውጽኢት እትረኽበሉ ምዃኑ ከኣ ኣየጠራጥርን።

ስለዚ፡ ምጉያይካ ዘይተርፍ፡ ክትበጽሖ ዝደለኻ ሕንጻጽ ኣቐዲምካ ሰኣሎ'ሞ፡ ናብኡ ገጽካ ጥራይ ጉየ። ምስ ዝወሓዘን ምስ ዝነቐለን እናተጸንበርካ ንናይ ካልኦት ብራኸ ጥራሕ እትዓዩ መንእሰይ ካብ ምዃን፡ ተጠንቂቕካ፡ እትሰርሖ ዘበለ ኩሉ ንምንታይ ትሰርሖ ከም ዘለኻ መርምሮ። እትረኽቦ መልሲ ናትካ ብራኸ ዝውስኽ ኮይኑ እንተ ጸኒሑ፡ ነቲ ድሮ ጀሚርካዮ ዘለኻ ዕዮ ዝያዳ ዓቲብካ ብምሓዝ ቀጽሎ። ውጽኢት መርመራኻ ብኣንጻሩ እንተ ኮይኑ ግና፡ ካልኢት'ውን ትኹን ከየጥፋእካ ግደፎ። ሸቶ ኣብ ዘይብሉ ውጥን ግዜኻ ኣይተባኽኖ!

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ፦ ስጋ ኣጣል፥ ኣሕምልቲ፥ ገፍሮብርበረ ምስ ቀመሙ ንተማሃሮ ንዓመተ 2026
ዓዳጊ፦ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስዉኣት ደቀምሓረ (ዶንቦስኮ)
ኣርእስቲ ውዕል፦ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስዉኣት ደቀምሓረ (ዶንቦስኮ) ንዓመተ 2027 ካብ 01 ጥሪ ክሳብ 31ታሕሳስ 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስዉኣት ደቀምሓረ (ዶንቦስኮ) ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ዝውዕል ቀረብ መግቢ ስጋ ኣጣል፥ ኣሕምልቲ፥ ገፍሮብርበረ ምስ ቀመሙ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ መብቆላዊ ሰነዳት የርእዩ፥ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን መንነትን ናይ ዓመተ 2026 ክሊራንስን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሓደ ወርሒ ክፉት ኮይኑ፥ ክሳብ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ኣብ መጫረቲ ቦታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረቲት፥ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፥ ስሩዕ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ብግልጺ ይኽፈት።
6. መኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ ተጫራታይ ከትሕዝ ኣለዎ።
7. ጨረታ፥ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ሚኒስትሪ ፋይናንስ ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ቴሌፎን 200593/123749

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ኣስቤዛ ስጋ፥ በርበረ ምስ ቀመሙ፥ ኣሕምልትን ፍረታትን
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ቅዩዳት ፖሊስ ኤርትራ ንዓመተ 2027 ካብ 01 ጥሪ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2027 ንቕዩዳት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ፖሊስ ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ ስጋ፥ በርበረ ምስ ቀመሙ፥ ወዘተ) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ፖሊስ ኤርትራ ንኡስ ጨንፈር ዕድጊ ኣብ ቁጽሪ 15 ወይ ብቑ/ቴሌ 202044 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ጨረታ ኣብ ፖሊስ ኤርትራ ንኡስ ጨንፈር ዕድጊ ክሳብ ዕለት 30/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ ስሩዕ ወይ መስርሕ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት 30/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
6. ጨረታ ብትሕጃ (cpo) 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክስነ ኣለዎ።
7. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ፖሊስ ኤርትራ ንምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ፖሊስ ኤርትራ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፥ ኣሕምልቲ በርበረ ምስ ቀመሙ ጨውን ስጋ-ኣጣልን
ዓዳጊ፥ ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ
ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስሙድ ናቕፋ ኣሕምልቲ፥ ስጋ-ኣጣል፥ በርበረን ጨውን
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ካብ 01 ጥሪ ክሳብ ሰ 2027 ከም'ኡ ውን ካብ መስከረም ክሳብ 31 ታሕሳስ 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

1. ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፥ ስጋ-ኣጣል፥ በርበረ ምስ ቀመሙ ጨው ዘቕርቡ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም፥
2. ጨረታ ንኹሉም ነጋዶ ክፉት ይኸውን፥
3. ተጫረትቲ መብቆላዊ ሰነዳት የቕርቡ፥
4. ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንኤርትራዊ መንነት፥ ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ የቕርቡ፥
5. ተጫረትቲ ኩሉ ግብርን ቀረጽን ኣብ ግምት የእትዩም ጠቕላላ ድምር ዋጋ ብዝጸሩ ከቕርቡ ይግባእ። ተጫረትቲ ግብሪ ናይ 2025 ዝኸፈሉሉ መረጋገጺ የቕርቡ፥
6. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብቑ/ቴሌፎን 541273 ብምድዋል ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክትረኽቡ ትኽእሉ፥
7. ብቐዓት ተጫረትቲ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ። ዕወት ተጫራታይ ንብረት ንጽዕሉ ማእከላይ ቦታ ኣስመራ ስለዝኾነ ኣሕምልትን በርበረን ጨውን ከም መመላእታ ጽዕነት ስለ ንጥቀመሉ ኣብ ኣስመራ ክቐርበልና፥ ስጋ ዝምልከት ድማ ኣብ ትካልና ናቕፋ ኣምጺኡ ዋና ወይ ሕጋዊ ወኪል ክረክበና ምኽኣ ክፈልጥ ኣለዎ።
8. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ክሳብ 29/09/2026 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን፥
9. ሳንዱቕ ጨረታ ሰዓት 20/9/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ይዕጾ፥ ሰዓት 10:30 ቅ/ቀትሪ ድማ ይኽፈት፥
10. መኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ ተጫራታይ ከትሕዝ ኣለዎ።
11. ጨረታ፥ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ፥
12. ዕወት ተጫራታይ 15% ካብቲ ናይ ዓመት ዝዓወተሉ ዋጋ ኣብ ሕሳብ ባንኪ ትካልና ኣቐሚጡ ኢታዊ ከዝብር ምኽኣ ንሕብር፥
13. ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፥

ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ኀዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ሓፈሻዊ ጽገና ፍርጅ
ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ኣብ ኣገልግሎት ዘለዋን ካብ ኣገልግሎት ኣቋሪጸን ዝርከባ ብድምር 15 ፍርጃት ብኽፉት ጨረታ ኣወዳዲሩ ሓፈሻዊ ጽገናን ምምላእ ጋዝን ክዕበር ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።
ሕጋውያን ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን (ጽገና ፍርጅ ልቓንሳ ዘለዎም) ክፉት እዩ።
2. ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ክሊራንስ ክፍሊ'ውን ቅዳሕ መንነት ወረቐት የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ መብርሂ ጨረታ ካብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ይወስዱ።
4. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 10,000 (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብ C.P.O የትሕዙ።
5. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣሃዱ ዕድጊ ቁ/ገዛ 7 G12 ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ 08204288/08204281 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።
6. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
7. ጨረታ ካብ ዕለት 01/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ክሳብ ዕለት 15/10/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ን15 ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ዕለት 15/10/2026 ሰዓት 10:30 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ መኣከቢ ኣዳራሽ (7 109) ይኽፈት።
8. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ

---

ብስም ዘይንያ ኣሕመድ ቁስመላህ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00044244 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 138-5 ቁ.ገዛ ዝርከብ ናይ ኣቑሑ ገዛ መሸጢ ትካለይ፡ ንኣቶ ሰሚር ጥዑም ሓሰን ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና- ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ዘይንያ ኣሕመድ ቁስመላህ
ሕጋዊ ወኪል መሰጦፋ ኣሕመድ ቁስመላህ

---

ብስም ኣቶ ተስፍኣም ረዘነ ኣማን ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00000048 ቁጽሪ መዝገብ 00000047 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ጸሮና ዓዲ/ከተማ ሓ/ከ/ጸሮና ዝርከብ ናይ ፎርኖ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ወይኒ ጠዓመ ሃይሉ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዓዲ/ከተማ ከረን - ተሌፎን 07383092 ካብ ዕለት 13/08/2026 ክሳብ ዕለት 13/08/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ተስፍኣም ረዘነ ኣማን

---

ብስም ኣቶ የውሃንስ እምባዬ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00002339 ቁጽሪ መዝገብ 00002112 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ማይ ድማ ዝርከብ ናይ ቤት ቁርሲ ትካለይ፡ ንኣቶ ኣዳም ዳዊት፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ተሌፎን 07277100 ካብ ዕለት 10/08/2026 ክሳብ ዕለት 10/08/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣቶ የውሃንስ እምባዬ

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀሉብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ ገፍሮ በርበረን ንኣሕዳሪ ቤ/ት/ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር ኣርእስቲ ውዕል- ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣሕዳሪ ቤ/ት/ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ዝውዕል ቀሉብ መግቢ ክጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኣሕዳሪ ቤ/ት/ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ ገፍሮ በርበረን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ትምህርቲ ቁ.20 ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ዕድግን ኣስመራ ቁ.ቴሌፎን 200593/123749 መጫረቲ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ይኸፍሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክበጽሕ ኣለዎ። ኣብ መበል 30 መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ይዕጾ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ክነጸግ እዩ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ትምህርቲ ኣስመራ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ መበል 30 መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ (Bid Security) (c.p.o) 50,000.00 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሚ/ትምህርቲ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ት ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን
ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ንዓመተ 2027 ንሓደ ዓመተ (01/01/2027 ክሳብ ዕለት 31/12/2027) ዝጸንሕ ውዕል ንምግባር ብኽፉት ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

ሕጋውያን ተጫረትቲ (ኣቕረብቲ) ክማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ክፉት እዩ።
2. ዝርዝር ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን መማስ ንጽል (ንኪሎ) ዋግኡ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስጣ የቕርቡ።
3. ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ክሊራንስ ክፍሊ'ውን ቅዳሕ መንነት ወረቐት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ይወስዱ።
5.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 200,000 (ክልተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ብ C.P.O የትሕዙ።
6. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣሃዱ ዕድጊ ቁ/ገዛ 7 G12 ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ 08204288/08204281 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ጨረታ ካብ ዕለት 01/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ክሳብ ዕለት 01/10/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ን30 ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ዕለት 01/10/2026 ሰዓት 10:30 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ መኣከቢ ኣዳራሽ (7 109) ይኽፈት።
9. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ንሓዘንና፡ ብዕርቅን ምሕረትን ዛዚምናዮ ኣለና” ስድራቤት መዋቲት

ጌጋ መናብርቲ ደቂሰብ ክኸውን ዘኽእል ኣብ ዕለታዊ ሂወትና ክንጋገን ክንብድልን ንብር'ዩ። ሰብ ኩሉ ዝጋገን ዝበድልን ስለዝኾነ ከኣ ሓበርና መታን ክንነብር ኣብ መንጎና ፍቕርን ምሕረትን ክህልወና ንግደድ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብዙሓት መዳርግቲ ዘይብሎም ክብርታት ኣለው። ሓደ ካብኡ ድንገት ኣብ ዝጋጥም ሞት ዝግበር ኣገዳሲ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ። እዚ ዝሰዕብ ጽሑፍ እምበኣር ነዚ ሓደ ባህሊ ዝተገበርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዝነቶም ስለዝኾነ ቀጸልዎ ንምባሉም ኮይኑ ቀጺልና ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገዳሲ ዕርቅን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኢና ክነብልኩም።

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ከተማመለስ'ዩ ብ17 ሰነ 2026 ኣጋጢሙ። መራሒ መኪና ዝነበረ ኣቶ ተኽለሚካኤል ገብረኣብ ቀለታ ኮይኑ፡ መኪና መራሒ ንሕምብርቲ እናኸደ ከሎ፡ ኑታ ቀያሕ ኣውቶብስ ክትሰቅል ጸርግያ ትሰግር ዝነበረት መንእሰይ ሶልያና ጸጋዝኣብ ብመኪና ሃሪሙ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣውሪዱላ። ኣቶ ተኽለሚካኤል እቲ ሓደጋ ምስ ኣጋጠሞ፡ ንሶልያና ጸጋዝኣብ ተቐላጢፉ'ዩ ፈለማ ናብ ሓለፍቲ ሆስፒታል ቀጺሉ ናብ ኦሮታ ሆስፒታል ወሲዱዋ። ሶልያና፡ ጽኑዕ ሕክምና እናተገብረላ ንኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ምስ ጸንሐት ግን፡ ብሂወት ክትሰርር ኣይከኣለትን ዓሪፋ። መንእሰይ ሶልያና ጸጋዝኣብ ጓል 19 ዓመት ኮይና፡ ኣብል 37 ዘርያ'ያ። ምስ እንዳ 54 ተመዲባ ድማ ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት እናተሳተፈት፡ ሃገራዊ ግቡኣ ትፍጽም



ኣቶ_ተኽለሚካኤል_ገብረኣብ_
(ፈጻሚ_ሓደጋ)

ነይራ። ብ11 ሰነ ድማ፡ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ - ጸጸራት ብኽቡር ዝበለ ስነስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሳ። ፈጻሚ ሓደጋውን ብሳላ ምሕረት ስድራቤት መዋቲት፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከምዝወጸ ተገይሩ፣ ኣብ ዕሱራ ወዒሉ።

እዚ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ ክልቲኦም ዝወጹኣት ናይ ዕርቂ ሽማግለ ዘደሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብ9 ኑሓሰ 2026፡ ኣብ መንበሪዎም ክልተ ስድራቤታት፡ ካህናት፡ ወከልቲ ዓዲን ቤተሰብ ክልቲኡ ስድራቤትን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነስርዓት ተፈጺሙ።

ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተኽለሚካኤል ገብረኣብ፡ ቤተሰቡ ኣምሪሑ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍ/ሪት ሶልያና ጸጋዝኣብ ቀሪቡ። ኑቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቱ ቀሺ ስብሃቱ መብራህቱ



ኣቶ_ገብረዝጊ_ጸጋይ

ድማ፡ ተቛጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋኑ ስድራቤት መዋቲ ኑታ ኣብ ምድሪ ኮነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብሉ ምሕረት ምምራጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምዃኑ ሓቢሮም።

ብድሕሪዚ፡ ኣቦላት ሽማግለ ዕርቂ ኣቶ ደብሳይ ተወልደ፡ ኣቶ ሃብተሚካኤል በይነን ኣቶ ተኽለሃይማኖት ወልደስላሰን'ዮም፡ ብስም ክልቲኡ ስድራቤት፡ እቲ ጉዳይ ብሰናይ ድሌትን ቅዱስ ሕልናን ብዕርቂ ከም ዝደቀሰ ዝገልጽ ሓሳባት ኣሰሚዖም። ንሳቶም፡ ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ዝተሰምዖም መሪር ሓዘን ብምግላጽ፡ እዚ እዞም ሰብን መንግስትን ዝፈትዎ ናይ ምሕረት ስጉምቲ ንዝወሰዱ ስድራቤት መዋቲት ብልቢ ኣመጒሶም።

ቀጺሉ ኑቲ ስነስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቱ ቃሉ ዘሰመዐ ካብ ስድራቤት መዋቲት ኣቶ የውሃንስ ተስፋሚካኤል እዩ። ኣቶ የውሃንስ፡ “በዚ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ፡ ፈቓር፡ ለዋህ፡ መፍቀሪት ወለዳን ተሰፋ ሃገርን ጓልና ስለ ዝተፈለየትና፡ ብዙሕ ሓዘን'ዩ ተሰሚዑና። እንታይ'ሞ ይግበር፡ ክልተኦም በቢቲ ዝወፈሩዎ ብሰላም ክምለሱ ሓሲቦም ካብ ገዛኦም ወጺኦም፡ ዘይትሰርር መዓልቲ ኣጋጢሙቶም። ጓልና ከኣ ካብ መንጎና ተፈልያትና። ኣምላኽ ዝሃወ ሂወት ግን ኣይትምለሰን'ያ። ሕጂ ከኣ ጓልና ብኻዝዘብ ስለዘይትትመኑ ንኣቶ ተኽለሚካኤል ገብረኣብ ምሉእ ምሕረት ክንገብረሉ ወሲንና ኣለና” ኢሉ።

ካብ ቤተሰብ መዋቲት ኣቶ ተስፋስላሰ መንግስ ብወገኑ “ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበኑ ንሶማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽና'ውን ምሕረት ክንገብርን ክንዕረቕን እዩ ዝእዝዘና። ሕጂ ከኣ ሶልያና ጓልና ክትቕተል ተኽለሚካኤል ሓውና ድማ ክቕትል ኣይወፈሩን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክኸውን ስለዝኸኣለ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንሸኻትኩም ከኣ ካብታ ጓልና ዝሞተትላ ኣትሐዝኩም፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ካብና ከይተፈለኹም ብዋበእ ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹምና ሕያውነትን ገጽን ደብሱና'ዩ። ካብዚ ዝገበርኩምዎ ዝዓቢ ደበስን ምጉያይን የለን። ገንዘብ ዝገበርልካ የብሉን፣ ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ከምጽኣልካ'ውን ኣይክእልን። ካብ ገንዘብ ግን ፍቕርን ምሕረትን ይዓቢ” ክብል ተዛሪቡ።

“ሓደጋ ወዘቢ'ዩ የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰግር ስለዘይክእል ክብርቲ ጓልና'ያ ብሓደጋ ተፈልያትና። ሕጂ ከኣ ጋርፋሲ ምብላዕ ባህልናን እምነትናን ስለ ዘይፍቅድ ፍቕርን ምሕረትን ክንገብር ኢና ወሲንና። ምኽንያቱ እምነትናን ኣቦታትና ዘጽንሑልና ክቡር ባህልናን ምሕረት ምግባር ስለዝኾነ። እዚ ከኣ መመለሲ ዘለገሶ፡ ህዝብናን መንግስትናን ዝድግፎ፡ ብዋቢኡ'ውን ኣምላኽ ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር ስለዝኾነ፡ ክንምሕር ሓይሊ ንዝሃበና ፈጣሪ ነመስግን” ዝበሉ ከኣ ቤተሰብ መዋቲት፡ ኣቶ ገብረዝጊ ጸጋይን ኣቶ ዘርኡ ሃብተማርያምን እዮም።

ኣብ ዓንደማርያም ተስፋማርያም፡ ንመዋቲት ሓውቦኣ እዮም። ንሶም፡ ንዕርቅን ምሕረትን ዝገልጽ ቅዱሳዊ ሓሳባት ድሕሪ ምዝርዛር፡ “ብሰንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ጓልና ሶልያና ጸጋዝኣብ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ሓዚና ኢና ሓዚንናን ጉሂናን። ይኹን'ምበር፡ እቲ ፍጻመ ምስ ኣጋጠመ፡ ብዙይ ወዓል ሕደር፡ ኑቲ ጉዳይ ብዕርቅን ምሕረትን ክንዛዝሞ ኢና ወሲንና፣ እንሆ ከኣ ተተግቢሩ። ዕርቅን ምሕረትን ድማ፡ ሰብን እዝጊን ዝፈትዎ፡ ንሰብ መለለዪኡን ግርማኡን ስለ ዝኾነ፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ተግባር፡ ንኹሉ ኣብነት'ዩ። ሕጂ ከኣ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ምፍጻምን መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምዃኑ፡ ኣምላኽ'ውን፡ መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም'ሞ ብጹኣን እዮም ስለ ዝበለና፡ እዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉ'ዩ በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኽር” ኢሎም።

ወላዲት መዋቲት ወ/ሮ ሳምራዊት ገብረማርያም ድማ፡ “ስድራቤት ወዲኣምዋ'ዮም። ምሕረት መውዓድርቲ ስለዘይብሉ፡ ኣቦ'ቲ ንሶም ዝበልዎ ዝወሰኾ ወይ ዘጉድሎ የብለይን። ልክዕ'ዩ ርኢኻ ዘይትጽግብ ምልዕ ጓለይ ጠፊኣትኒ'ያ፣ ምስ ደቀይን ስድራቤተይን ቤተሰበይን ድማ መሪር ሓዘን ተሰሚዑና'ዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ዕርቂ ፍቕሪ ስለ ዘሎ፣ ኣብ ዕርቂ ሩፍታ ስለ ዘሎ፣ ኣብ ዕርቂ ኩሉ ጸቡቕ ነገር ስለ ዘሎ፣ ዝተረፉ ደቀይ'ውን ወፈርም ክኣትወለይ ስለዘደሊ፡ ምሕረትን ዕርቅን ገርና ኣለና” ክትብል ገሊጻ።

ብወገን ወሃብቲ ምሕረት ዝኾኑ ስድራቤት መዋቲት እኹል ናይ ምስጋና ቃል ምስ ቀረበ፡ ብስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ'ዩ እዚ ዝሰዕብ ናይ ምስጋና ቃል ተሰሚዑ።

በቲ ስነስርዓት ዕርቂ ዝተሰምዖም ሩፍታን ባህታን ቃሎም ዘሰምዑ ወላዲ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ገብረኣብ ቀለታ እዮም። ኣቶ ገብረኣብ፡ “ሰብ ብገንዘብ ዘይረክብ ብሰላም፡ ብፍቕሪ ብምሕረት እዩ ዝትመን። ንሸኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኺርኩምን መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጻማኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ገርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ ዝነብር ኣለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩም ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶ'ዩ” ኢሎም።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ በየነ በርኸትኣብ ብወገኑ “ሂወት ልዕሊ ኩሉ ክብርቲ ስለ ዝኾነት፡ ንኸይትጠፍእ ኩልና ኢና እንኸናኸና። ይኹን'ምበር፡ ሓደጋ ወዘቢ ስለ ዝኾነ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ሶልያና ጓልና ብሞት ተፈልያትና፣ ኣዚና ድማ ጉሂና። ኣምላኽ ግን ኣቦኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ፡ ኑቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጸቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ‘ካብኹም እንደልዮ ነገር የለን፣ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን'ዩ’ ኢልኩም፡ ኑቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾኑ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትንበሩ ኢኹም” ክብል ቃሉ ኣሰሚዑ።

ኣቶ ገብረሚካኤል ሃብተስላሰ ብወገኑ “ሶልያና ጓልና ድማ ኣብዚ ሸዊት ዕድመኣ ብኸፍዚ ካብ መንጎና ክትፍለ ኩሉ ንስድራቤታ፡ ንዓናን ንዓሌም ዓቢ ክሳራ ብምዃኑ፡ ከቢድ ሓዘን'ዩ ዝሰማዓና። የግዳ ኩሉ በደል ብምሕረትን ይቕረታን ዕርቅን ክዛዘም ከሎ፡ ሕልናኻ ዘቕስንን ተሓቚርካ ክትነብር ዝገብርን ስለ ዝኾነ፡ ወሲዱኩምዎ ዘለኹም ናይ ምሕረትን ፍቕርን ስጉምቲ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ክቡር ባህልናን እምነትናን ንኹሉ ኣብነት እዩ'ሞ፡ ብልቢ ነመስግን” ኢሉ።





ሶልያና ጸጋዝኣብ (መዋቲት)

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተረኸበ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ጋኣሽፋሒ ሜጀር መሓመድ እድሪስ ብወገኑ፡ እዚ፡ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ መርኣያ ክቡር ባህልናን እምነትናን ኩይኑ፡ ምሕረትን ፍቕርን ካብ ኩሉ ነገር ዝዓቢ ምዃኑ ስለ ዘጸርዩ ዝተወሰደ ሰናይ ተግባር፡ ንኹሉ ወገን ሕልናዊ ቅሳነት ዝፈጥር ከም ዝኾነ ሓቢሩ።



ወ/ሮ_ሳምራዊት_ገብረማርያም

ኣብ መወዳእታ፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተኽለሚካኤል ገብረኣብ ቀለታ'ዩ ንዝተገብረሉ ምሕረት ኣመልኪቱ ከምዚ ክብል ገሊጹ - “ኣምላኽ ኣቦኹም ኣብ ጥዑማት ገዛ ስለዘውደቐኒ፡ ኣዝየ'የ ዘመስግን። ናይ ብሓቂ፡ ሕያዎትን ጥዑማትን ገዛ፡ ካብታ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ፡ ምስ ስድራቤተይን ቤተሰበይን ብዙሩህ ገጽ ኢኹም ተቐቢልኩምና። ተመሊስኩም ንዓይ ከተጸናንዑ ዝገበርኩምዎ ምቕሉልነትን ምጽንናዕን፡ ክብረትኩምን ጭዋነትኩምን እዩ ኣርእዩ። ሕጂ ከኣ በቲ ዝገበርኩምለይ ምሕረት፡ ተጻዊኑኒ ዝነበረ ጭንቀትን ሓሳባትን ንእለቱ ካባይ ተቐንጢጡ ተኣልዩለይ ስለ ዘሎ፡ ኣዝየ ኣመስግን፣ ኣብ ጸቡቕኩም ከኣ የውዕለኒ” ኢሉ።

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ድማ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ንዝተዳለወ እኽለ ማይ ብሓባር ድሕሪ ምቕዳሶም ተዛዚሙ።



ስድራቤት መዋቲት



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

# ዝኽሪ መስከረም

# ፍሹል ፈተነ ቅትለት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ

ነጸረኣብ ኣዛዚ

ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክትትርኽ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ምዕራፍ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ክትጠቅስ ግዴታ እዩ። ምስ ሓምድ ተኣሳሲሩ ድማ፡ ኪዳን ህዳድ ምዝኻሩ ዘይተርፍ'ዩ።

ኪዳን ህዳድ ቁርባን ብ1928 ኣብ በጉ ከባቢ ከረን ተወሊዱ። ብ1950 ድማ፡ ኣብ ፖሊስ እንግሊዝ ተኾቲቡ። ኣብ ስለያ ተመዲቡ ኣብ ዝተፈላለያ ከባቢታት ኤርትራ ድሕሪ ምግልጋሉ፡ ኣብ መወዳእታ 1950ታት ናብ ተሰነይ ተቐይሩ። ሽዑ ድማ እዩ ኑቲ ብዙና ጥራሕ ዝፈልጦ ዝነበረ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብኣካል ክላለዮ ዕድል ዝረኸበ። ሓምድን ኪዳንን ክቀራረቡ ምኽንያት ዝኾኖም፡ ኣብ ትውልዲ ዓዲ ኪዳን ደቂ ሓምቦኡ ንሓምድ ይቕመጡ ብምንባሮም እዩ። ሓምድ ወትሩ ብዛዕባ ኣሕዋቱ ንኪዳን ይሓቶ፡ ኪዳን ድማ ሰላምታ የብጽሓሉ ነበረ። በዚ ዝጀመረ ምቅርራብ ቀስ ብቐስ ናብ ድልዱል ዕርክነት ሰገረ። ሓምድ ካብ ዓዱ ገርሰት ንከተማ ተሰነይ እናኸደ፡ ብረቱ ግድን ኣብ እንዳ ፖሊስ ኣቐሚጡ ንሹቕ ስለዝኣቱ፡ ተሰነይ በጺሑ ንኪዳን ከይረኸበ ይምለስ ኣይነበረን። ሓምድ ኣብ ግዜ ዕስክርና ጥልያንን እንግሊዝን እዋን ሸፍትነትን ዘጉበሮ ዝነበረ ቅያታት ብዝምልከት ንኪዳን ዘይምኖ ዕላላት የውግዖ ነበረ። ካብኡ ሓሊፎም፡ ኪዳንን ሓምድን ከም ብዙሓት ሃገራውያን ናይቲ እዋን'ቲ፡ ብዛዕባ'ቲ እናበኣሰ ዝኸይድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ እሂን ምሂን ምባሎም ኣይተረፈን። ጸኒሖም፡ ክልቲኦም ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ተወደቡ። እንተኾነ ሓራካ (ማሕበር ሸውዓተ) ብኣንጻር ትጽቢት ብዙሓት፡ ህርመት ልቢ ዜጋታት ኣድሚጻ ሰውራ ክትጅምር ኣይከኣለትን።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኣልኣዝሃር ካይሮ ዝመሃሩ ዝነበሩ ተመሃሮን ወተሃደራት ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያንን ብብወገኖም 'ካብ መግዛእቲ ክንናገፍ ብረታዊ ቃልሲ ጥራሕ ክንጅምር ኣለና' ናብ ዝብል መደምደምታ በጺሖም ነበሩ። "መን እዩ እሞ በረኻታት ኤርትራ ዝፈልጥ፤ ብረትከ ካበይ ይረኸብ፤" ዝብል ሓሳብ ምስ መጸ ድማ፡ እቶም ወተሃደራት ሱዳን ኤርትራውያን "ንሓምድ ንሕተቶ" ኢሎም ካብ ገርሰት ከሰላ ከም ዝመጽኣም ገበሩ። ብረትን ዕጥቅን ሰራዊት ኢትዮጵያ እንታይ ይመስል ምስ ሓተትዎ ከኣ "ፖሊስ ኢትዮጵያ ዝዓጠቕዎ ጓንዴ'ዩ፡ ናይ ጦር ግን ብርግጽ ኣይፈልጦን'የ" በሎም። "መን ኣሎ ሓበሬታ ክህበና ዝኽእል" ምስ ተባህለ ድማ ንኣባል ስለያ ፖሊስ ኢትዮጵያ ኪዳን ህዳድ ረቑሓሎም። ኪዳን ብተሌፎን ተጸውዑ። ምኽንያት መጸውዒኡ ስለ ዘይተነግሮ ከኣ፡ ብሻቕሎት "ጴጥሮስ ሓወይ (ሽዑ ወተሃደር ሱዳን ዝነበረ) ሓሚሙ ወይ ድማ ሞይቱ ክኸውን ኣለዎ" ኢሉ እናሓሰበ፡ ዶብ ኤርትራ ሰጊሩ ከሰላ ኣተወ። ኣብ ምውፋር መካይን ክጽበዮ ዝጸንሐ ዑመር እዛዝ ድማ ብመኪና ናብ ኢሚግረሽን ወሲዱ ወረቐት ኣሳለጠሉ። ኪዳን ተረቢጹ ስለዝነበረ ኩነታት ሓወ ሓተቶ። ዑመር እዛዝ፡ ንጴጥሮስ ዘጋጠሞ ነገር ከምዘየለ ግን ብፍሉይ ጉዳይ ከም ዝደለይዎ ሓበሮ።



ድሕሪ'ዚ እቶም ክጽበዩዎ ዝጸንሑ ኤርትራውያን፡ "ንሕና ዝጸዋዕናኻ ንስኻ እትፍጽሞ ነገር ስለዘሎ'ዩ። ምሳና እንተቐጺልካ ጽቡቕ። ኣይደልን እንተቢልካ ኸኣ እቲ ጉዳይ ተሰቲሩ ክተርፍ ኣለዎ።' ብምባል ከኣ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ኣምጺኦም ኣምሓልዎ። በዛ ማሕላ እዚኣ ድማ ኪዳን ህዳድን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ሰውራ ንምፍላም ሓዊ ደጒሎም ንኤርትራ ተመልሱ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኢትዮጵያ ንፌደረሽን ብውግዒ ኣፍሪሳ ንኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ክትገብራ ኣብ ጽዑቕ ስራሕ ተጸሚዳ ነበረት። ነዚ መደብ'ዚ ዕንቅፋት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ንዝበሎቶም ድማ፡ ንገለ ብህያብ ንገለ ብስልጣን ክትዕድጎም ከላ፡ ንከም ብዓል ሓምድ ዝኣመሰሉ ተጻራሪ መርገጺ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም ዝበሎቶም ከኣ ምስምስ ፈጢራ ኣብ ቀይዲ ከተእትዎም መደበት። በዚ ድማ፡ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ናብ ገርሰትን ተሰነይን እናኸዱ ንሓምድ ክሓብብልዎን ከፈራርሕዎን ጀመሩ። ኣብ መፋርቕ ወርሒ ነሓሰ 1961 ሓምድ ኣብ ከቢድ ወጥሪ ከሎ ኪዳንን ብጾቱን ብበረኻ መጺኦም ክድረሩ ናብ ገዝኡ ኣዕረፉ። ድሕሪ ድራር ሓምድ ኑቲ ገጢምዎ ዝነበረ ጸገም ኣመልኪቱ ክመኽር ምስ ዓርኩን ናይ ዕላማ ብጻዩን ኪዳን ግልል ኢሎም ንመጨረሽታ ግዜ ብኣካል ተዘራረቡ።

ሓምድ ንኪዳን፡ "የጽበቡለይ ኣለዉ። ክልተ ግዜ ረኺቦሙኒ ሕጂ ድማ ቆጸራ ጌሮምለይ ኣለዉ። ከም ዝመስለኒ ክኣስሩኒ'ዩ መደቦም። ብዛዕባና ዘወጸ ምስጢር ኣሎ ድዩ፤ ዝሰሎኸ ሓበሬታ ከይህሉ፤ እንተደኣ ከምኡ ኮይኑ ከይቀደሙኒ ክወጽእ" በሎ። ኪዳን ድማ "ዝተፈልጠ ምስጢር የለን። ሕጂ ክረምቲ እዩ ሓዳርካን ንብረትካን ኣይትብትን። ዝኾነ ነገር እንተ ሃልዩ ኣቐዲመ ከም እትፈልጥ ክገብርየ" ኢሉ ኣረጋግኦ።

ሰበስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ኣብ ልዕሊ ሓምድን ምቅስቓሳቱን ፍሉይ ምክትታል ካብ ምግባር ኣየቋረጹን። ብፍላይ ሜጀር ዓብደልቃድር መሓመድ ዓሊን ሜጀር ጉብረኺዳን ተስፋይን፡ ሓምድ ኣብቲ ከባቢ ዝሸፈቱ ሓሙሽተ ሰባት፡ ካብ በረኻ ከእትዎም ጸቕጢ ይገብርሉ ነበሩ። ሓምድ ግን "ኣነ ገባራይ ብረሃጸይ ዝነብር ሓረስታይ'የ። ሰባት ናብ ሸፍትነት ክዋፍር ዓቕምን ስልጣንን የብለይን!" ይብሎም ነበረ። ጸቕጢን ምፍርራሕን ግን ኣየቋረጸን። ኣብ መጨረሽታ ድማ ኣብ ልዕሊ ሓምድ ስጉምቲ ክውሰድ ተወሰነ። ምናልባት ሓሳቡ እንተቐየረ ተባሂሉ ግን፡ ንኮን ደኾን ናይ መወዳእታ ደብዳበ ተላእከትሉ። ካብ ኣንደበት ኪዳን ህዳድ፦

"ብሓደ ወተሃደር ሓንቲ ብቛንቋ ጣልያን ዝተጻሕፈት ደብዳበ ለኣኹሉ። እቲ ወተሃደር ኣብ ሰፈር ሓምድ ምስ በጽሐ ብኢዱ ዘይኮነ ብጠባር'ዩ ልኢኹሉ። ከም'ቲ ወትሩ ትድለ ኣለኻ ዝበልዎ፡ ካብ መጸዋዕታ ሓሊፋ ኻልእ ክትከውን ከም ዘይትኽእል ዝጠርጠረ ሓምድ ንበር መልሲ ኣይጸሓፈሎምን። ብግልባጥ ናይታ በሰጣ፡ "ካጥኻትኩም ሰብኣይ ዝኾነ ኣብቲ ሩባ ይርከበኒ" ኢሉ መልሲ ሰዲዱሎም። ንሳቶም ናብቲ ዝበሎ ሩባ ኣይሰዓብዎን። ንሱ ኸኣ ናብ ገዝኡ ኣይተመልሰን።"

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብ17 ነሓሰ 1961 ካብ ገዝኡ ነታ ካብ እንግሊዝ ዝመንዝዓ ኣቡ ዓሽራ ዓጢቑ ናብ በረኻ ነቐለ። ንሱ ዋላ'ኳ ከይቀደምዎ በረኻ ክወጽእ እንተወሰነ፡ ኣንጻር ኢትዮጵያ ክገጥም ድሌት ኮነ ብቕዓት ኣይነበሮን። ካብ ምክትታል ፖሊስ እናሃደመን እናተሓብአን ካብ መዓልታት ሓንቲ መዓልቲ ሃይኮታ ሓሊፉ ሰግር ኣለቡ ናብ እትርከብ ባልቃይ እትበሃል ዓዲ ኣተወ። ሽዑ ሓደ ካብቶም ኢትዮጵያ ዝወደቡቶም ሃሰሳት ኣውቶብስ ሓጂ ሓሰን ተሰቒሉ ንተሰነይ ተሃንፈፈ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ኑቲ ጃሱስ መጀመርያ ኣብ መደበር ፖሊስ ተሰነይ ተቐቢሉ ዘዘራረቦን ምስ ሜጀር ጉብረኺዳን ተስፋይ ዘራኸቦን ኪዳን ህዳድ ነበረ።

እቲ ሃሱስ "ሓምድ ዓዋተ ምስ ሻውዓይ ርእሱ ኣብ ባልቃይ መጺኡ'ሎ። ዕድልኩም ሕጂ እያ። ሎሚ ረኺብኩም ሎሚ ሰኣንኩም። ኣብ ማእከል ዓዲ ኮፍ ኢሉ ኣሎ" በሎም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓምድ ናብ ሸፍትነት ተመሊሱ ደኣ'ምበር ሰውራ ጀሚሩ ዝብል ወረ'ውን ገና ኣይተናፈሰን ነይሩ። ሓምድ በረኻ ምውጽኡ ግን፡ ከምቲ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ዝነበረ እንግሊዛዊ ኮሎኔል ደቪድ ክራክስ "ሓምድ እሾኽ ግራጭ'ዩ" ዝበሎ ንኢትዮጵያ ዓቢ ስግኣት እዩ ኣሕዲሩላ። ምሓዙ ድማ፡ ካብ ኣስመራ ዝወፈሩ ፊልድ ፎርስ ምስ ናይ ጋሽን ባርካን ፖሊስ ኣብ ምሉእ'ቲ ዞባ ተዘሪኦም ነበሩ።

ሜጀር ጉብረኺዳን ኑቲ ሓበሬታ ምስ ሰምዑ፡ ኣይተማትኦን ተቐላጢፉ ኑቶም ድሮ ኣብ ተጠንቀቕ ዝነበሩ ወተሃደራት ኣከቡ ተሪር ትእዛዝ ሃቦም። "ምሸት ጥራት ኣብ ደምበኦን ሰብ ገዝኡ ምስ ኣተወ ፍርቂ ለይቲ ከይተረአኹም ንባልቃይ ኣኽቢብኩማ ትሓድሩ፡ ወጋሕታ ኸኣ ተጥቅዑ" ኢሉ ናብቲ ስርሒት ብመኪና ኣፋነዎም።

እቲ ንኹሉ ብጽሞና ክከታተል ዝጸንሐ ኪዳን፡ ኣብታ ግዜ'ቲኣ ዓርኩ ንምድሓን ጥራሕ ዘይኮነ ምእንቲ ዝመሓለሉ ዕላማ ኩብል ተባዕ ስጉምቲ ክወስድ ወይ ድማ ሰሚዑ ከም ዘይሰምዐ ክስቅጥ ነይሩዎ። በዚ ድማ፡ ንሓምድ ከድሕኖ ወሰነ። ተቐላጢፉ ኑቲ ዘንቀዶ ሓሳብ ክሕግዝ ዝኽእል ሰብ ክረክብ ተጓየየ። ንመሓመድ ሱሌማን እኩድ ረኺቡ "ሎሚ ሓምድ ክተሓዝ'ዩ እንታይ ንግበር" በሎ። ተዘራሪቦም ከኣ፡ ሓደ መደብ ሓንጸጹ። ቀዳማይ ብህጹጽ ናብ ሓምድ ዝለኣኽ ርጡብ ሰብ ክመዝዙ፡ ካልኣይ ኣቓልቦ ንምጥምዛዝ ኑቲ ኣብ መንጎ ተሰነይን ሃይኮታን ዝነበረ ስልክታት ተሌፎን ክቖርጹ። ድሕሪ'ዚ ብቕልጡፍ ናብ ሕለት - ሲዲ ብምኻድ፡ ንሓደ ውዱብ ኮንትሮባንዳ ዝሰርሕ ብዓል ገመል ብመገዲ ከታይ - ሐሳስ ኣቢሉ ባልቃይ ክኣቱ፡ ንሓምድ ድማ "ኣብ ባልቃይ ከም ዘለኻ ተፈሊጡ፡ ተኸቢብካ ኣለኻ ብህጹጽ ውጻእ" ኩብሎ "መን ኢሉካ" እንተበሎ ድማ "ኪዳን ህዳድ" ምኻኑ ክነግሮ፡ ሓቢሮም ኣፋነውዎ።

ኪዳንን መሓመድን ኑቲ ዝወጠንዎ ምብታኽ ስልኪ ዝሕግዞም ክልተ ቢንሳ (ጉጤት) ካብ ዱኳን ዓብዱ ጀባር ዝበሃል የመናዊ፡ ክልተ ብሽክለታ ድማ ካብ ሓደ ተኽሉ ዝበሃል ቺኪልስታ ተኻረዩ። ካብ ሓደ እድሪስ ዝበሃል ሳርቶ ንፓሎ (ዓንዲ) ናይ ተሌፎን መሕኮሪ ዝኾኖም ጨርቀ መርቂ ኣመኻንዮም ብምውሳድ ድማ ተዳለዉ። ኑቶም ወተሃደራት ዝወሰዶም ኣውቲስታ (ጉብራይ) ነዊሕ ከይጸንሐ ተመልሰ።

ኪዳን ተቐቢሉ፡ "ኣበይ ደኣ ኣብጺሕካዮም፧" በሎ

ጉብራይ ከኣ ንዓርኩ ካብኡ ናብኡ ድማ ንስለያ ብሕማቕ ክጥርጥር ስለዘይክእል "ኣብ'ታ ዓባይ ቢንቶ ገዲፈዮም... ምድሪ ምስ ጸልመተ ንባልቃይ ከኽበብዋ'ዮም። ካላስ ሓምድ ክትሓዝ'ዩ። ድሕሪ ደጊም ሰብ ከዕርፍ'ዩ ... ኣብታ ዘለዋ ቦታ ወተሃደራት ይመጽኡኒ'የም ኢሉ ስለዘይሓሰበ ክተሓዝ'ዩ" በሎ። ጉብራይ ግምቱ ጌጋ ኣይነበረን። ኑቲ ኣብ ባይታ ዝነበረ ኩነታት ተዓዚብካ መለኮታዊ ዝኾነ ጣልቃ ክሳብ ዘየጋጠመ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ምሓዙ ዘጸግም ኣይነበረን።

ድሕሪ'ዚ ኪዳን ብዝሃቦ ሓበሬታ፡ መሓመድ ሱሌማን እኩድ ምስ ሓደ ካልኣዩ ኑቲ ዝቐረብዎ ጉጤትን ጨርቀ መርቅን ሓዚም ጸሓይ ዓረርቦ ካብ ተሰነይ ብሽክለታኦም ተወጢሖም ንባልቃይ ንጺጋም ሓዲጎም ንወገን ጋሽ ኣላገሱ። ኑቲ ዝተማልእዎ ኣጭርቐቲ ተጠቒሞም ኣብ ፓሎ ደይቦም ናይ ተሌፎን ስልኪ ክቖርጹ ጀመሩ። ከምቲ ዝሓሰብዎ ግን ቀሊል ስራሕ ኣይነበረን። ከባቢ ሰዓት 11:00 ናይ ለይቲ ብዘይካ ንሓንቲ ምጥዓም ዝኣበዩቶም፡ ንኹሉ'ቲ መስመራት ተሌፎን ጠረግሪግ ኣቢሎም ናብ ተሰነይ ተመልሱ። ኪዳን ምሉእ ምሸት ኣብ ውጡር መንፈስ ኮይኑ ክጽበዮም ኣምሰዩ ተቐቢሎም። ብዘይካ ሓንቲ መስመር ካልእ ከምዘበተኽዎ ድማ ሓበርዎ።

ካምቦ ፖሊስ ተሰነይ ካብ ሜጀር ጉብረኺዳን ክሳብ ተራ ወተሃደር ካብ መዓስከሮም ኣይተንቀሳቐሱን። ኣብ ቦታኦም ኮይኖም ክመጽእ ዝኽእል ምዕባለታት ኣብ ምክትታል ነበሩ። ኪዳን'ውን ኣብ መንጎኦም ነበረ። ከባቢ ፍርቂ ለይቲ ሜጀር ጉብረኺዳን ኩነታት ንምፍላጥ ናብ መደበር ፖሊስ ሃይኮታ ደወለ። መልሲ የለን። ተረኛ ቸንትራል ደጋጊሙ ፈቲኑ ምስ ቀበጸ ናብ ኣስመራ ደዊሉ ተራኸበ። ብዕድል እታ ምቑራጽ ዘሰኣኑዋ ስልኪ እታ ናብ ኣስመራ ተራኽብ ኮነት። ጠንቂ ምቁራጽ መስመር ተሰነይ ሃይኮታ ንምፍላጥ ካብ ኣስመራ ንሃይኮታ ተደወለ። በዚ ድማ፡ እቲ ጸገም ኣብ መንጎ ተሰነይን ሃይኮታን ከምዝኾነ ተረጋገጸ። ድሕሪ'ዚ ሜጀር ጉብረኪዳን ብመስመር ኣስመራ ጌሩ ናብ መደበር ሃይኮታ ብምድዋል፡ ሸፋቱ ኣብ ከባቢ ፉንኮ መስመር ተሌፎን ቀሪጾም ስለዝኸዱ፡ እቶም ወተሃደራት ናይ ባልቃይ መደቦም ሰሪዞም፡ ኣብ ሃይኮታ ዝሓደረት ናይ ሃይወይ መኪና እንተላ ወይ ከኣ ብዝኾነት ዝረኸብዋ መኪና ብወገን ፉንኮ ጋሽ ሰጊሮም ክስዕብዎም ተሪር ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ኣብቲ ሰዓት'ቲ ብዓል ገመል ድሮ ንሓምድ ነጊርዎስ ሓምድ ካብ ባልቃይ ወጺኡ ነበረ።


እቲ ንሓምድ ናይ ምቕታል ውጥን ብብልሓት ኪዳን ህዳድን ብጾቱን ፈሸለ። ኪዳንን ብጾቱን ከኣ፡ ኣብ ድሮ ምጅማር ሰውራ ፍሉይ ቅያ ዝሰርሑ ጀጋኑ ተባሂሎም ብኽብሪ ክዝከሩ ይነብሩ ኣለዉ። ሐደት መዓልታት ድሕሪ'ዛ ፍጻመ'ዚኣ እቲ ካብ መፈንጠራ ሞት ወይ ማእሰርቲ ዘምለጠ ሓምድ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ እተበስር ጥይት ተኮሰ። ኢትዮጵያን ሃሰሳታን ከኣ ኑቲ ዝተጀመረ ቃልሲ ንምጭፍላቕ ለይትን መዓልትን ኣብ ስራሕ ተጸምዱ።

ይቕጽል . . .

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ፕረዚደንት ቻይና ናብ ግብጺ ይበጽሕ



ዝሓለፈ ሰሉስ ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ ድሕሪ 2016 ናይ መጀመርያ ምዃኑ ዝተገልጸ ምብጻሕ ንምፍጻም ናብ ግብጺ ከም ዝኣተወ ተሓቢሩ።
ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ፡ ክልተኣዊ ዝምድና ግብጽን ሃገሩን ንምድንፋዕ፡ ከምኡ'ውን ኑቲ ኣብ 2014 ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት ዝተኸተለ 'ስምምዕ ሓፈሻዊ ስትራተጂያዊ ሽርክነት' ንምትግባር ዓሊሙ ናብታ ሃገር ምብጻሕ የካይድ ከም ዘሎ እየም፡ ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ዘረድኡ።
ብዘወሰኸ፡ ክልተኦም መራሕቲ ሃገራት፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ዛዕባታት ኣመልኪቶም ክመያየጡ ምኻኖም'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።
ቻይና ዝዓበየት ናይ ንግዲ መሻርኽቲ ግብጺ ኮይና፡ ኣብ 2025፡ ክልተኣን ሃገራት ናይ 20.7 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ ምክያደን ጸብጻባት የመልክቱ።
ብዘይካዚ፡ ቻይና ኣብቲ ኣብ መንጎ ኤውሮጳን ከም ቀንዲ ናይ ንግዲ መስመር ኮይኑ ዘገልግል መትረብ ስወዝ ግዙፍ ወፍሪ ከም እተካይድ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።
ፕረዚደንት ግብጺ ዓብደል ፋታሕ ኣልሲሲ፡ ኣብ 2014 ናብ ስልጣን ካብ ዝድይቡ ንደሓር፡ ናብ ቻይና ሸሞንተ ግዜ ምብጻሕ ከም ዘካየደ ይግለጽ።

## ኢራን፡ ንመጥቃዕትታት ኣመሪካ ግብረ መልሲ ትህብ

እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ልዕሊ ደቡባዊ ክፋል ሃገሩ ዝተኻየደ መጥቃዕትታት፡ ኑቲ ኣብቲ ዞባ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ኣፍሊጡ።
ሓለዋ ሰውራ ኢራን ወሲኹ፡ በቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዘካየደቶ ሓደሽ መጥቃዕትታት ሓሙሽተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 50 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ዮርዳኖስን ባሕሬንን ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ናይ ባለስቲካዊ ሚሳይልን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን መጥቃዕትታት ከም ዘካየደ ኣሊጺሩ።
በቲ መጥቃዕትታት፡ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ኣመሪካ ከም ዝተቐትሉ፡ ኣገደስቲ መሳለጥያታት ከም ዝተሃርመን ሄሊኮፕተራት'ውን ከም ዝዓነዋን ዝገለጸ
ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዝተኻየደ ዘሎ መጥቃዕትታት፡ ንሰጻዊ መጹብጦ ሆርሙዝ ዘናውሕ ምዃኑ ኣገንዚቡ።
ሰራዊት ዮርዳኖስ ብወገኑ፡ ካብ'ቶም ብሰሉስ ካብ ኢራን ናብ ክሊ ኣየር ሃገሩ ዝተወንጨፉ 13 ባለስቲካዊ ሚሳይላት፡ ኑቶም ዓሰርተ ከም ዘበርዓኖም ሓቢሩ።
እቲ ሰራዊት ወሲኹ፡ እቶም ዝተረፉ ሰለስተ ባለስቲካዊ ሚሳይላት'ውን ዘሾካ



ሰብኣዊ ክሳራታት ከም ዘየስዓቡ ገሊጹ።
ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘስፈሮ ሓበሬታ፡ ኣብ ልዕሊ ዒላማታት እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን መጥቃዕትታት ከም ዝጀመረ ክእውጅ እንከሎ፡ ኢራን ከኣ ኣብ ልዕሊኣ ንዝፍጸም ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ተመጣጣኒ ግብረ መልሲ ከም እትህበሉ ኣጠንቂቓ ኣላ።

## ቤልጂዩም፡ ንርእሰ ማል ሩስያ ናይ ምጥቃም መደብ ትቃወም

ቤልጂዩም፡ ኑቲ ብሸወደን፡ ፖላንድ፡ ሰዳኖን ኔዘርላንድስን ዝተዃበረ ዳግመ ምብርባር ናይቲ ብሕብረት ኤውሮጳ ኣቐዲሙ ዝተወጠነ 'ዝደስከለ ርእሰ ማል ፌደረሽን ሩስያ ኣብ ምምዋል ዩክሬን ክውዕል' ዝብል መደብ፡ ከም ዘጸገዖ ተሓቢሩ።
ሚኒስተር ምክልኻል ቤልጂዩም ቲዮ ፍራንከን፡ እቲ ብሕብረት ኤውሮጳ ዝተሓንጸጸ፡ ዝደስከለ ፊናንሲያዊ ሕሳብ ሩስያ ንዩክሬን ክውሃብ ዝብል መደብ ዳግም ክዝተየሉ ከም ዘይብሉን ዕጹው ኣርእስቲ ምዃኑን ገሊጹ።



ኣብ 2022 ኲናት ዩክሬን ድሕሪ ምጅማሩ፡ መሻርኽቲ ኪየቭ ዝኾና ምዕራባውያን ሃገራት፡ ንኣስታት 300 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ርእሰ ማል ሩስያ ምድስካለን ጸብጻባት የመልክቱ።
ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኑቲ ካብ ዝደስከለ ርእሰ ማል ሩስያ ዝተረኽበ ወለድ ናብ ዩክሬን እኳ እንተ ኣቕሪቡ፡ ኑቲ ኣብ ጣእከቲታቱ ዝርከብ ቀንዲ ገንዘብ ናይታ ሃገር ግን ካብ ምትንካፍ ተቖጢቡ ከም ዘሎ እዩ ዝንገር።
ዝሓለፈ ሰሙን ሸወደን፡ ፖላንድ፡ ሰዳኖን ኔዘርላንድስን፡ ኮሚሽን ኤውሮጳ ኑቲ ደስኪሉ ዘሎ ገንዘብ ሩስያ ንዩክሬን ዝወሃበሉ ኣማራጺታት ክደህስስ፡ እቲ ክስዕብ ዝኽእል ሕጋዊ ኮነ ፊናንሲያዊ ተሓታትነት ከኣ ንኹለን ኣባላት ናይቲ ሕብረት ብማዕረ ክምልከተን ጸዊዐን ምንባረን እየም ምንጭታት ዝሕብሩ።
ይኹን'ምበር፡ እታ ዝበዝሕ ካብቲ ዝደስከለ ርእሰ ማል ሩስያ ኣብ ጣእከቲታ ሒዛቶ ዘላ ቤልጂዩም፡ ኑቲ ጸዋዒት ብትሪ ከም እትቃወሞ እያ ትገልጽ ዘላ።
ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ባርት ዲ ወቨር፡ ኑቲ ገንዘብ ናይ ምጥባት መደብ፡ ንኤውሮጳ ምስ ሩስያ ናብ ኲናት ዘእትዋ ተግባር ምዃኑ ድሕሪ ምግንዛብ፡ ኣብ ክንዳኡ ዝርርብ ክካየድ ጸዊዑ።
ሞስኮ ብወገና፡ ብሕብረት ኤውሮጳ ዝውሰድ ንልኡላዊ ሃብታ ናይ ምዝማት ስጉምቲ፡ ሓደገኛ ግብረ መልሲ ከም ዘስዕብ ኣጠንቂቓ ኣላ።

## ኢንዶነዥያ - 500 ተማሃሮ ብመግቢ ተመሪዞም



ኣብ ክፍለ ሃገር ምብራቕ ጃቫ - ኢንዶነዥያ፡ ልዕሊ 512 ተማሃሮ፡ ብመንግስቲ ዝቐረብ ናጻ ምግቢ ድሕሪ ምምጋቦም ከም እተመረዙ፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ክፍለ ሃገር ሓቢሮም።
እቶም ሰበ ስልጣን ኣብ ሓበሬታኦም፡ ዝበዝሐ እዋን ጠንቂ ናይቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘጋጥም ምምራዝ፡ ዘይግቡእ ኣተዓቃቕባ መግብን ኣብ ምቕራብ ዝርኣ ምድንጓያትን ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ጠንቂ ናይቲ ሓደሽ ምምራዝ ናይቶም ተማሃሮ ንምልላይ መርመራ ይካየድ ምህላዉ ገሊጾም።
ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ፕራቦዎ ሰብያንቶ፡ ኑቲ ኣብ ቖልዑ ዝርአ ዘሎ ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ንምውጋድ፡ ዝሓለፈ ዓመት ንሚእትታት ሚልዮናት ቖልዑ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ናጻ ምሳሕ ንምቕራብ ናይ ቢልዮናት ዶላር መደብ ምትእትታዉ ዝዝከር እዩ።
ይኹን'ምበር፡ እቲ መደብ ኣብ ጥሪ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ዝተኣታተወ ንደሓር፡ ዛጊት ልዕሊ 33 ሽሕ ተመሃሮ ተመሪዞም ከም ዘለዉ እየም ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ዘመልክቱ።
ከም ሳዕቤን ናይቲ ኣብ ተማሃሮ ብተደጋጋሚ ዝርአ ዘሎ ናይ መግቢ ምረዛ ከኣ፡ ኣብ ምድላው ናይቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝዕደል ናጻ ምሳሕ ዝሰርሑ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ክሽነታት ከም ዝተዓጽዋ ይሕበር።
ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም ወገናት፡ እቲ ንተማሃሮ ናጻ ምሳሕ ናይ ምቕራብ መደብ፡ ኑታ ሃገር ናብ ክሳራ የምርሓ ምህላዉ እየም ዘረድኡ።

## ግብጺ - ብሓደጋ መኪና 21 ሰባት ሞይቶም

ትማሊ ረቡዕ ኣብ ሲናይ - ሰሜናዊ ምብራቕ ግብጺ፡ ሓንቲ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡስ ብምግምጣሉ፡ ብውሕዱ 21 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ልዕሊ 20 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።



እቲ ሓደጋ፡ ኣብቲ ብጸሕቲ ፍቱው ዝኾነ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ መዘናግዒ ቦታታት ዝርከብ ጽርግያ ከም ዘጋጠመ ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ የርዳኖስ ብወገኑ፡ 22 ካብ'ቶም ኣብታ ኣውቶቡስ ተሳፊሮም ዝነበሩ 43 ተገዓዝቲ፡ ዜጋታት ሃገሩ ምዃኖም ሓቢሩ'ሎ።
ኣብ ግብጺ፡ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ በቲ ሓደጋታት 6 ሽሕ ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 03/09/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services